ኢናድ
# ወጋሕታ

5ይ ዓመት ቑፅሪ 02 12 ሕዳር 2017 ዓ.ም

ሓሙስ

ብር 10.00

# ሃገራዊ ፅገማት ብምኽክር ንምፍታሕ ግደ ምሁራን

በሪሁ ኣረጋ



ትንታነ ዜና

ምሁራን ብምምሃር፣ መፅናዕትን ምርምርን ብምፍላቕን ንህንፀት ሃገር ልዑል ብፅሒት ኣለዎም። ብፍላይ ሃገራዊ ፅገማት ነቒስካ ብምውፃእ ፍታሕ ንክረኽቡ ምስራሕ ካብኦም ትፅቢት ዝግበር ዓብዪ ሓላፍነት 'ዩ። ንሰላምን ልምዓትን ዕንቅፋት ዝኾኑ ፅገማት ብዘላቕነት ብምፍታሕ ሃገራዊ ምርድዳእ ንምፍጣርን ዝድለ ዕብየት ንምምፃእን ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ልዑል ግደ ከምዘለዎም ይግለፅ።

ኣብ ኢትዮጵያ ናብ ጎንፂ ንዘሳጥሑዋን ንዘይምርድዳእና መንቀሊ ንዝኾኑን ኣፈላላያት ብምኽክር ንምፍታሕ ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ እናሰርሐ ይርከብ። እቲ ኮሚሽን ንፀገማት ብምኽክር ንምፍታሕ ኣብ ትሽዓተ ክልላትን ኽልቲኦም ምምሕዳር ከተማታት ኣብ ዝገበሮ መድረኽ ምትእኽካብ ኣጀንዳን ምኽክርን ልዕሊ 105 ሽሕ ማሕበረሰባት ክሳተፉ ምኽኣሎም መረዳእታ እቲ ኮሚሽን የመላኽት።

ካብ ማሕበረሰብ ዝእከቡ ኣጀንዳታት 'ውን ዓብዪ ትምህርቲ ዝህቡ፤ ንሃገራዊ ምርድዳእን ዘላቒ ሰላምን ዕዙዝ ተራ ዝፃወቱን 'ዮም ኢሉ። ኣብዞም መድረኻት ምኽክር 'ውን ተሳትፎ ምሁራን ጉሉህ ምኟኑ ይግለፅ።

ዘላቒ ሰላም ንምዕሳል፣ ሃገራዊ ምርድዳእ ንምምፃእን ሓድነት ንምጥንኻርን ግደ ማሕበረሰብ ከምዘሎ ኾይኑ ግደ ምሁራን ልዑል 'ዩ። ምሁራን ብምርምሮም፣

ሃገራዊ.... ገፅ 6

# ምምሕዳር ኸተማ ውቕሮ ንልዕሊ 4ሽሕ ዕድል ስራሕ ንምፍጣር ተሊሙ እናሰርሐ ይርከብ

ኣብርሃ ሓጎስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ኸተማ ውቕሮ ኣብ በጀት ዓመት 2017 ናብ ከባቢ 4 ሽሕን 6 ሚእትን 29 ዕድል ስራሕ ንምፍጣር ተተሊሙ ይስራሕ ከምዘሎ ምክትል ከንቲባን ሓላፊ ዘፈር ቁጠባን ከተማ ውቕሮ ኣይተ ሓዱሽ ኣሰፋ ገሊፆም።

ኣይተ ሓዱሽ ኣሰፋ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝነበሮም ፃኒሒት ከምዝገለፅዎ፤ ኣብ ኸተማ ውቕሮ ኣስታት 5ሽሕን 7ሚኢትን 56 ዘኸውን ስራሕ ስእነት ኣሎ፡፡

ካብዚኦም ኣብዚ ዓመት ካብ 63 ክሳብ 65 ሚእታዊ ስራሕ ዕድል ንምፍጣር ተተሊሙ ናብ ከባቢ 3 ሽሕን 4 ሚኢትን 9 ብቀዋምን ግዝያውን ስራሕ ዕድል ንምፍጣርን 1ሽሕን 2 ሚእትን 20 ድማ ብብርኪ ኢተርፕራይዝ ስራሕ ንክፍጠረሎም ትልሚ ተተሒዙ ይስራሕ ኣሎ።

ኣብ ዝሓለፈ ኣፈፃፅማ ትልሚ ቀዳማይ ርብዒ ዓመት ዝበዝሕ ናይ ቕድመ ምድላው ስራሕቲ እናተሰርሐ ከምዝመፅአ ዝሓበሩ ኣይተ ሓዱሽ፤ ምስ እዚ ጎና ጎኒ ብቀዋሚ 2 ሚኢትን 63፣ ብግዝያዊ ድማ 4 ብብርኪ እንተርፕራይዝ ከዓ 251 ሰብ ዕድል ስራሕ ከምዝተፈጠረሎም ገሊፆም።

ብፍላይ እንተርፕራይዝ ክብሃል ከሎ ኣብ ደኣንትን ማኒፉክቸሪን ንግዲ ፍቃድ ኣውፂኦም ትካል መስሪቶም

ምምሕዳር .... ገፅ 6



## ኣብ ወፍሪ ክታበት ካንሰር ልዕሊ 263 ሽሕ ደቂ ኣንስትዮ ክኽተባ 'የን

ገፅ 6

# ኣብ ክልቲኦም ህዝብታት ኣጋጢሙ ዝነበረ ጉድኣት ብምሕካም ብሓባር ንቅድሚት ምስጓም ከምዘድሊ ተገሊፁ

መኣርግ ገ/ሄር

ኣዲስ ኣበባ፡-ኣብ መንጎ ህዝብታት ትግራይን ዓፋርን ዘጋጠመ ጉድኣት ብምሕካም ንቕድሚት ንምስጓም ዘኽእል ሓበራዊ መደብ ሒዝካ ምስራሕ ከምዘድሊ ተገሊፁ።

እዚ ዝተገለፀ ርክብ ክልቲኦም ህዝብታት ንምጥንኻር ኣብ ከተማ መቐለ ብቕድሚ ትማሊ ኣብዝተሳለጠ መድረኽ ዘተ 'ዩ።

ነቲ መድረኽ ዘተ ዝኸፈቱ ፕሮፌሰር ምትኩ ሃይለ፣ኣብ ሰመራ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ክልላት ዝተበፅሐ ስምምዕነት መሰረት ብምግባር ናብ መሬት ዝወርድ ዘተ ምክያድ ከምዝግባእ ኣመላኺቶም።

ፕሮፌሰር ምትኩ፣ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ 'ውን ነዚ ተጀሚሩ ዘሎ መንገዲ ሰላም ኣብ ምድጋፍ ግደኤን ክፍፅማ ከም ዝግባእ ኣመላኪቶም።

ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ብዙሕነትን ርክብ ህዝብታትን ትግራይ ኣይተ ካልኣዩ ኣሰፋ ብወገኖም ከምዝገለፅዎ፣ ክልቲኦም ህዝብታት ናይ ደገ ወረርቲ ሓይልታት ምስ ካልኦት ህዝቢታት ኢትዮጵያ ኮይኖም ኣብ ምምካት ሓበራዊ ታሪኽ ዘለዎም ህዝብታት 'ዮም፡፡



ማሕበራዊን ቁጠባዊን ርክቦም 'ውን ስጡም 'ዩ ዝበሉ ኣይተ ካልኣዮ ኣሰፋ፣ ክልቲኦም ህዝብታት ንሰላም ዘለዎም ድሌት ፅኑዕ ምኟኑ ብምግላፅ፣ ዘተኣሳስርዎም ክብርታት ዘለዎም ህዝብታት ከምዝኾኑ ገሊፆም።

ኣብ ክልቲኡ ህዝብታት ዘጋጠመ ጉድኣት ብምሕካም ንቅድሚት ንምስጓም ዘኽእል ሓበራዊ መደብ ሒዝካ ምስራሕ ከም ዘድሊ ዝገለፁ ኣይተ ካልኣዩ፤ ቁስልና ከይሓሸኽና ዝበፅሐና ጉድኣት ብምሕካም ንቅድሚት ክንስጉም ይግባእ ኢሎም።

ክልቲኡ ህዝብታት ዝፀንሖን ስጡምን ርክብ ከምዘለዎ ዝገለፁ ኣመሓዳሪ ዞባ ክልተ ክልል ዓፋር ኣይተ

ኣብ ክልቲኦም .... ገፅ 7



## ሃገራዊ ምርድዳእ ንሕብረ ብሄራዊ ሓድነት

ገፅ 4

## "ማሕበራዊን ኢኮኖሚያዊ ስራሕትና ሰሪሕና ንክንልወጥ መሰረቱ ሰላም እንተሃለዩ 'ዩ"

ገፅ 5

- ኣይተ ገብረመድህን ክንፋ



ተመስገን ጥላሁን

## ነበር ተዋጋእቲ ዕጥቂ ብምፍታሕ ናብ ማእኸላት ናይ ምእታው ከይዲ ሎሚ መዓልቲ ክጅመር 'ዩ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ነበር ተዋጋእቲ ብዘላቕነት ንምጥያሽ ዕጥቂ ብምፍታሕ ናብ ማእኸላት ተሃድሶ ናይ ምእታው ስራሕ ሎሚ መዓልቲ ከምዝጅመር ብሄራዊ ኮሚሽን ተሃድሶ ትማሊ ኣፍሊጡ፡፡

ኮሚሽነር እቲ ኮሚሽን ተመስገን ጥላሁን ኣብ ዝሃቡዎ መግለፂ፣ እቲ ትካል ዝተውሃቦ ሃገራዊ ልኡኽቶ ንምዕዋት ዘኽእል ዓለም ለኸ ደረጃኡ ዝሓለወ ፕሮግራምን ፕሮጀክትን ከምዝተሓንፀፀ ተዛሪቦም፡፡

ብመሰረት እዚ ድማ ካብ ሸውዓተ ክልላት ልዕሊ 371 ሺሕ ነበር ተዋጋእቲ ዕጥቂ ብምፍታሕ ናብ ማእኸላት ንምእታው ናይ ምድላው ስራሕቲ ከምዝተዛዘመ ተዛሪቦም፡፡

ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመታት ኣብ ዝውግን ነበር ዕጡቓት ዕጥቂ ናይ ምፍታሕን ናብ ማሕበረሰብ ምፅምባርን ስራሕ ልዕሊ 760 ሚሊየን ዶላር በጀት ከምዝተትሓዘ ኣብሪሆም።

"ካብ ሎሚ 12 ሕዳር 2017 ዓ.ም ጀሚሩ ኣብ ቀዳማይ ምዕራፍ ኣብ ትግራይ 75 ሺሕ ነበር ተዋጋእቲ መሊስካ ናይ ምጥያሽ ስራሕ ብዕሊ ክጅመር 'ዩ" ኢሎም፡፡

ብመንግስቲ ዝተመደበ 1 ቢልዮን ብርን ካብ መሻርኽቲ ብዝተረኸበ 60 ሚልዮን ዶላርን ኣብ ቀዳማይ ምዕራፍ ኣብ ክልል ትግራይ ንዝርከቡ 75 ሽሕ ነበር ዕጡቓት ዕጥቂ ምፍታሕን ብዘላቒነት ናይ ምጥያሽ ስራሕን ክጅመር 'ዩ ኢሎም፡፡

ኣብቲ ክልል ኣብ መቐለ፣ ዕዳጋሓሙስን ዓድዋን ሰለስተ ማእኸላት ተለልየን ከምዘለዋ ዝገለፁ እቶም ኮሚሽነር፤ ኣብ ናይ መቐለ ማእኸል ኣብዚ ሰሙን 320 ነበር ዕጡቓት ምቕባል ክንጅምር ኢና ኢሎም።

ነበር ዕጡቓት ካብ ትማሊ ጀሚሮም ኣብቲ ቦታ ዝርከብ ናይ ኣፍሪካ ሕብረት ተወካሊ እቲ ከይዲ ዝቖፃፀር፣ ዘረጋግፅን ዘኽብር ኮይኑ ኣባላት እቲ ጉጅለ ልኡኽ ኣብዘለውዎ ንሰራዊት ምክልኻል ሃገር ዕጥቖም ምርካብ ዝጅምርሉ ይኸውን ኢሎም።

በዚ መሰረት ኣብ ዝቕፅሉ ኣርባዕተ ኣዋርሕ 75 ሽሕ ነበር ዕጡቓት ትግራይ ዕጥቆም ብምፍታሕ ናብቲ ሕብረተሰብ ናይ ምሕዋስ ስራሕ ከምዝስራሕ ኣረጋጊፆም።

# «ኣብ ትግራይ ኣጋጢሞም ዘለዉ ፖለቲካዊ ፀገማት ንምፍታሕ ምድምማፅ የድሊ»

- ጀነራል ፃድቃን ገ/ትንሳኤ

**መኣርግ ገ/ሄር**



ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ትግራይ ኣጋጢሞም ዘለዉ ፖለቲካዊ ፀገማት ንምፍታሕ ምድምማፅ ከምዘድሊ ምክትል ፕረዚደንት ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይን ካቢኔ ሴክረታርያት ዘይምእኹል ምሕደራን ዲሞክራታይዜሽንን ጀነራል ፃድቃን ገ/ትንሳኤ ገሊፆም።

እዙይ ዝተብሃለ ግደ ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ ኣብ ፖለቲካዊ ምሕደራን ህንፀት ዲሞክራሲያዊ ስርዓትን ብዝብል 07 ሕዳር 2017 ዓ/ም ኣብ ከተማ መቐለ ዋዕላ ኣብ ዝተኻየደሉ እዋን 'ዩ።

ኣብቲ ዋዕላ ዝተረኸቡ ጀነራል ፃድቃን ገ/ትንሳኤ ከምዝበልዎ ፣ኣብ ትግራይ ኣጋጢሞሙና ዘለዉ ፖለቲካዊ ፀገማት ንምፍታሕ ምድምማፅ የድሊ፤ ብውዕሊ ፕሪቶሪያ ዝተረኸበ ጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ብመረፃ መንግስቲ ንምምስራትን ናብ መረፃ ክንቓርብን እንከለና 'ውን መራፃይ ሕብረተሰብ ግብኡ ፈሊጡ ንምምራፅ ጥጡሕ ባይታ ንምፍጣርን 'ውን ካሊእ ዕላማ እዚ መድረኽ 'ዩ።

መናእሰይ ናብ ስልጣን ብምምፃእ መራሕቲ ክኾኑ፣ ፖለቲካዊ ውድባት ኣጀንዳ ፈጢሮም ኣብዙይ ክንዛተን ክንሰርሕን ይግባእ ዝበሉ ጀነራል ፃድቃን፣ ሲቪል ማሕበረሰብ ብዝከኣሎ ግቡኡ ይፍፅም ከም ዘሎን ዲሞክራሲ ኣብ ዘይብሉ ከመይ ኢሉ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ክህነፅ ይኽእል ኢሉ ሕብረተሰብ ኣንቐሳቒሱ ፀገማት ንምፍታሕ እናተቓለሰ ይርከብ ኢሎም።

ንቐፃላይ ጥጡሕ ባይታ ንምፍጣር ግደ መንእሰይ ሙሁር ዝለዓለ ብምኳኑ በቢ ዝመስሎ እናተወደበ ክንቐሳቐስ ከም ዝግባእ ብምሕባር ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣብ ትግራይ ሰላምን ዲሞክራስን ንምፍጣር ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ኣብ ምስራሕ ይርከብ ኢሎም።

ሲቪል ማሕበረሰብ ክቃወመኦ ንዝደልያ እናተቓወማ ንዝድግፈኦ እናደገፋ ካብ ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ ፅልዋ ናፃ ኮይነን ዴሞክራሲ ከበርኻ ክንቀሳቐሳ ከም ዘለወን ገሊፆም።

ከም ሓበሬታ ቤት ፅሕፈት ጉዳያት ኮሙኒኬሽን ትግራይ፣ ኣብዚ መድረኽ ኣብ ትግራይ ዘለው ፀገማት ንምፍታሕ ብዙሓት ሓሳባት ተላዒሎም 'ዮም ዝበሉ ጀነራል ፃድቃን እቶም ሓሳባት ንትግራይ ዝሕግዙን ዝጠቕሙን ብምኳኖም ክንሰርሐሎም ኢና ክብሉ ገለፆም።





# «ዝዳበረ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ኣብ ምህናፅ ዕዉት ስራሕ ተሰሪሑ 'ዩ»

- ኣይተ ኣዳም ፋራህ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብዚ በጀት ዓመት እዚ ብመንፅር ኣብ ምህናፅ ዝዳበረ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ከምኡ 'ውን ኣብ ህንፀት ፖለቲካዊ ዓቕሚ ዕዉት ስራሕ ከምተሰርሐ ምክትል ፕረዚደንት ፓርቲ ብልፅግና ኣዳም ፋራህ ገሊፆም።

እዙይ ዝተገልፀ ፓርቲ ብልፅግና ናይ 2017 በጀት ዓመት ቀዳማይ ርብዒ ዓመት ትልሚ ኣፈፃፅማ መድረኽ ገምጋም ኣብ ከተማ ኣሶሳ እንትሳለጥ 'ዩ።

ኣብቲ መድረኽ ምክትል ፕረዚደንት እቲ ፓርቲ ኣዳም ፋራህ፣ ካልኦት መራሕቲ ዋና ቤት ፅሕፈት እቲ ፓርቲ፣ ምምሕዳራት ክልልን ከተማን ካልኦት መራሕቲን ተረኺቦም 'ዮም፡፡

እቶም ምክትል ፕረዚዳንት ከምዝገለፅዎ፣ ኣብዚ በጀት ዓመት ሰለስተ ኣዋርሕ ብምንፅር ዓቕሚ ምህናፅ ፖለቲካ፣ ናይቲ ፓርቲ ሓሳብን ሃገራዊ ትልምን ብምስራፅ ዕውት ስራሕ ተሰሪሑ 'ዩ ኢሎም።

«ናይ ሕልሚ ጉልበት ንእምርታዊ ዕቤት» ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ኣብዝተኻየደ ስልጠና እቲ ፓርቲ ኣብ ዘፈር ምህናፅ ዓቕሚ ዘለዎ ልምዲ እናጠናከረ ከምዝኾነን ንቐፃሊ ተልእኾ ዝተዳለወሉ ከምዝነበረ ተዛሪቦም። ከምኡ 'ውን ዝተዋሃበ ስልጣና ከም ሃገር ንዝተመዝገበ ዓወት ናይ በዓሉ ግደ ከምተዋፀአ ተዛሪቦም።

ነቲ ገዚፍ መሓውር ፓርቲ ብስርዓት ንምምሕዳርን ድልዱል ፓርቲ ናይ ምህናፅ ዕላማ ንምዕዋትን ኣገደስቲ ስራሕቲ ከምዝተሰርሑ 'ውን ጠቒሶም።

ብተወሳኺ ኣብ ሃገራዊ ኣጀንዳታት ምስ ፖለቲካዊ ፓርቲታት ብምትሕብባር ናይ ምስራሕ ባህሊ ዘማዕብሉ ንጥፈታት ብሰፊሑ ከምዝተሰርሑ ወሲኾም ገሊፆም።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ዝተጀመረ መድረኽ ዘተ ሰላም ምስ ካልኦት ‘ውን ተጠናኺሩ ይቐፅል

ሰላም መሰረት ኩሉ ‘ዩ፤ ምስ ጎረቤትካ ይኹን ምስ ካሊእ ሰላም ምፍጣር ናብ መማረፂ ዝኣቱ ጉዳይ ኣይኮነን፡፡ ኩሉ ስለ ሰላም፣ ልምዓትን ዕቤትን ክሰርሕ ኣለዎ፡፡ ብዘይ ሰላም ዕቤትን ለውጥን የለን፡፡ ከምዝፍለጥ ቅድሚ ሕዚ ኣብ መንጎ ኣማራርሓ ህወሓትን መንግስቲ ፌዴራልን ኣጋጢሙ ብዝነበረ ኩናት ኣብ ሂወትን ንብረትን እዛ ሃገር ከበድቲ ክሳራታት ኣጋጢሞም ‘ዮም፡፡

ብፍላይ ኣብ ህዝቢ ትግራይ፣ ዓፋርን ኣምሓራን ከበድቲ ጉድኣታት ኣጋጢሞም ‘ዮም፡፡ ፖለቲከኛታትን ነዚ ፈሊጦም ንሃገር ዝጎድእ ምንቕስቓሳት ክገብሩ የብሎምን፡፡ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ዓበይቲ ዓዲን ካልኦት ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ሓላፍነት ቦታ ዝርከቡ ኣካላት ብዛዕባ ሰላም ክሰርሑ ድማ ኣለዎም፡፡

ኩልና ስለ ሰላም ክንሓስብን ክንሰርሕን ኣለና፤ካብ ፀገም ወፂእና ናብ ልምዓት ከመይ ከምእንሰጋገር ክንሓስብን ክንሰርሕን ይግባእ። ዋላ ናይ ሓንቲ መዓልቲ ሰላም ብዙሕ ትርጉም ዘለዋ ምኧና ብምግንዛብ ንሰላም ሃገርን ህዝቢታትን ቅድሚኣ ብምሃብ ሰላምና ምሕላው የድሊ፡፡

ኣጋጢሙ ብዝነበረ ኩናት ብዙሓት ኢትዮጵያውያን ወገናትና ንዝኸፍአ ፀገም ተሳጢሖም ‘ዮም፤ ናይ ፖለቲካ ምፍልላይ ዋላ እንተጋጠመ ብምርድዳእ ክፍታሕ ኣለዎ፤ ንናይ ሓባር ረብሓ ዝኾኑ ተግባራት ክንፍፅምን ክንለዓልን ኣለና፤ ጎንፂ ትርጉም የብሉን፡፡ ንሰላምና ዝፈታተኑና ዘለዉ ፀገማት ኩሉ ግዜ ብዘተ ክንፈትሖም ኣለና፤ ሕዚ ኣብ መንጎ ህዝቢታት ትግራይን ዓፋርን ዝነበረ ውሱን ፀገም ንምፍታሕ ምጅማር ዝነኣድ ‘ዩ፡፡

ብሰንኪ እቲ ኩናት ብዙሓት ወገናት ተፈናቒሎም ‘ዮም፡፡ ኣብቲ ኣጋጢሙ ዝነበረ ኩናት ዝተፈፀሙ ዘየድልዩ ተግባራት መሰረቶም ብፖለቲካዊ ፀገም ዝተፈጠሩ እምበር ብናይ ህዝቢ መሰረታዊ ፀገም ኣይኮኑን፡፡ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ፀገም የብሉን፡፡ ኮይኑ ግና ኣብ መንጎ ፖለቲከኛታት ብዝተፈጠረ ፀገም ህዝቢ ናብ ፀገም እናቓለዐ ይርከብ፡፡

ክልቲኦም ህዝብታት ናይ ደገ ወረርቲ ሓይልታት ምስ ካልኦት ህዝቢታት ኢትዮጵያ ኮይኖም ኣብ ምምካት ሓበራዊ ታሪኽ ዘለዎም ህዝብታት ‘ዮም፡፡ ማሕበራዊን ቁጠባዊን ርክቦም ‘ውን ስጡም ‘ዩ፡፡ ብናይ ፖለቲከኛታት ሸለልትነትን ዝመፁ መዘዛት ይቕሬታ ብምብህሃል ርክብ ህዝቢታት ምጥንኻር የድሊ፡፡ ጉዳይ ሰላም ቐዳምነት ክወሃቦ ኣለዎ፡፡ ኣብ ዝሓለፉ ኣዋርሕ ብርእሰ ምምሕዳር ግዝያዊ ክልል ትግራይ ኣይተ ጌታቸው ረዳ ዝተመረሐ ጉጅለ ልኡኽ ኣብ ክልል ዓፋር ከተማ ሰመራ ምስ ርእሰ ምምሕዳር ክልል ዓፋር ኣወል ኣርባን ካብኔኦምን ስለ ሰላም ክልቲኦም ህዝቢታት ተዛቲዮም ምንባሮም ይዝከር ‘ዩ፡፡

ክልቲኦም ወገናት ንኽልቲኡ ህዝቢ ንቕድሚት ዘሰጉም ሃናፂን ዕውትን ዘተ ኣካይዶም ‘ዮም፡፡ እዚ ድማ ኣብ መንጎ ክልላት ትግራይን ዓፋርን ክልቲኣዊ ርክብ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ንምጥንኻር ኣብዩ ግደ ኣለዎ፡፡ ክልቲኣን ክልላት ኣብ ሰላምን ልምዓትን ምትእስሳር ንምፍጣር ርክብ ህዝቢ ምጥንኻር ዕዙዝ ግደ ኣለዎ፡፡ እዚ ዘተ እዚ ምስ ካልኦት ክልል ከም ክልል ኣምሓራ ‘ውን ተጠናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ፡፡

ድሕሪ ኣብ ሰመራ ዝተኻየደ ዘተ ሰላም ቐፂሉ ኣብ መቐለ ምክያዱ ኣዝዩ ዝነኣድ ተግባር ‘ዩ፡፡ ምኽንያቱ ከም ሃገር ተደጋጊፍካ ምኻድ ተዘይተኻኢሉ ክሳርኡ ከቢድ ‘ዩ፡፡ ኩሉ ተጎዳኢ ‘ዩ፡፡ ኮይኑ ግና እቲ ስምምዕ ሰላም ኣብ መንጎ መራሕቲ ኮይኑ ከይተርፍ ጥንቃቐ ክግበር ኣለዎ፡፡ ናብ መሬት ክወርድ ይግባእ፡፡

ብሓፈሻ ጥራሕ ምስ ህዝቢታት ኣፋር ዘይኮነስ ምስ ካልኦት ከም ጎረቤት ህዝቢ ኣምሓረን ካልኦትን ዘተ ሰላም ተጣናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ፡፡ ኣብ ክልቲኦም ህዝብታት ይኹን ካልኦት ህዝቢታት ኣጋጢሙ ዝነበረ ጉድኣት ብምሕካም ብሓባር ንቕድሚት ምስጓም እምበር ካብዚ ወፃኢ ካሊእ መማረፂ ስለዘየለ እዚ ዘተ እዚ ምስ ክልል ኣምሓራ ‘ውን ብዝተጠናኸረ መልክዑ ክካየድ ኣለዎ፡፡


## ወጋሕታ

ኢፕድ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፦ epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቕበሊ ምልሳይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ፡፡ ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ ኣይኮኑን፡፡

## ግቡእ ትኹረት- ብኽነት ምህርቲ ሕርሻ ንምቕናስ

**መዓርግ ገ/ሄር**

መብዛሕትኡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ህይወቱ ኣብ ፍርያት ሕርሻ ዝተመርኮሰ ‘ዩ። ብምኽንያቱ ኢትዮጵያ ንዓውደ ሕርሻ ዓብዪ ትኹረት እናሃበትሉ ትርከብ፡፡ ኢትዮጵያ ብፍላይ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመታት ኣትሒዛ ንኣፍራያይነት ከዕብዩ ዝኽእሉ ብርከት ዝበሉ ዕማማት ብምሕንፃፅ እናሰርሐት ትርከብ፡፡ ብተኸታታሊ ንሕርሻ ዝድግፉ ልምዓታዊ ንጥፈታት እናተተግበሩ መፂኦም ሕዚ ‘ውን ተጠናኺሮም እናቐፀሉ ይርከቡ። ኣብዚ ምምሕያሽ ዘፈር ሕርሻ ብዙሓት ምምሕያሻት ተሰሪሖም ቁጠባ እታ ሃገርን ህዝብን ክዓቢ ክኢሉ ‘ዩ፡፡ ብፍላይ ህይወት ሓረስቶት ከመሓየሽ ክኢሉ ‘ዩ፡፡ መንግስቲ ብዝኸተሎ ዘሎ ምጥቃም ዘመናዊ እታዎታት ሕርሻ ኣብዛ ሃገር ቐሊል ዘይበሃል ወሰኽ ምህርቲ ተራእዩ ‘ዩ፡፡ ግብርና ልምዓት ገጠር ንምምሕያሽ ቑፅሩ ቐሊል ዘይበሃል ማሕበረሰብ ህይወቱ ክቕይር ክኢሉ ኣሎ፤ እዙይ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ብዝተወሰዱ ናይ ልምዓት ስጉምትታት ስዒቡ ‘ዩ፡፡ መንግስቲ ጠንካራ ናይ ምምሕያሽ ስጉምቲ እናወሰደ ‘ዩ፡፡ በዚ ምኽንያት እዚ ብዙሓት ሓረስቶት ሰብ ሃፍቲ ክኾኑ በቒዖም ‘ዮም፡፡

ይኹን እምበር እዞም ተግባራት እዚኣቶም እኹላት ‘ዮም ምባል ኣይከኣልን፡፡ ብዙሓት ጉድለታት ኣለዉ ‘ዮም፡፡ ብፍላይ ኣብ ምእካብ ምህርቲ እንተወሲድና ቐሊል ዘይበሃል ብኽነት የጋጥም ‘ዩ፡፡ ዘመናዊ ዝኾነ ኣታኣኻኽባ ምህርቲ ብዝግባእ ኣሎ ምባል ኣይከኣልን፡፡ ብዙሓት ምህርትታት ናብ ቖፎ ክኣትዉ ምስቐረቡ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኣብ መሬት ባኺኖም ይቀርዩ ‘ዮም፡፡ ከምኡ ‘ውን ኢትዮጵያ ምስ ዘለዋ ዓሚቕ ዓቕሚ ሃፍቲ ሕርሻ ሙሉእ ብሙሉእ ኣይተጠቐመትሉን፡፡ ብምኽንያቱ ብርከት ዝበለ ህዝቢ ውሕስና ምግቡ ኣረጋጊፁ ‘ዩ ዝበሃል ኣይኮነን፡፡ እዚ ዘሪኢካ ድማ ካብቲ ዘሎ ስራሕ ንለዓሊ ምስራሕ ዘድሊ ምኳኑ ‘ዩ፡፡ ኣብ ትሕቲ መስመር ድኽነት ዝነብሩ ዜጋታት ብዙሓት ‘ዮም። ነዚ ፀገም ንምፍታሕ ብዙሕ ቴክኖሎጂ ምጥቃም የድሊ፡፡ መዋቕራዊ ለውጢ ንምምፃእ ብዘመናዊ ቴክኒሎጂ ዝተደገፉ ብዙሓት ስጉምትታት ምውሳድ ግዴታ ክኸውን ኣለዎ፡፡

ብፍላይ ድማ ዓመት ዝተፃዓሮ ፍርያት ሕርሻ ቅድሚ ናብ ቖፎ ምእታዉ ዘጋጥምዎ ዝተፈላለዩ ብኽነት ብኣግባቡ ክሕሰበሉ ኣለዎ፡፡ ኣብዚ ቴክኖሎጂ ዋላ ክንድትዝድለ ኣይንጠቐም ብዝኸኣልናዮ ኩሉ ክንረባረብ ይግባእ፡፡ ዝፀንሐ ናይ ምትሕግጋዝ ባህልና ከነዳብሮ ይግበኣና፡፡ ምኽንያቱ ከምኡ እንተዘይጌርና ብዙሕ እኽሊ ምብኻኑ ዘይቐሪ ‘ዩ፡፡ በቢ ዓመቱ ዝባኽን ምግቢ ኣዝዩ ብዙሕ ‘ዩ፡፡ ንኣብነት ትካል ሕርሻን ምግብን ዓለም ከምዝሕብሮ፣ ኣብ ኢትዮጵያ ልዕሊ ሳላሳ ሚኢታዊ ዝኸውን ፍርያት ግብርና ይባኽን ‘ዩ። እቲ ፍርያት ዝባኽን ድማ እቲ ናይ ምእካብ ንጥፈታትና ኣብ ዘመናዊ ምእካብ ምህርቲ ዝተመርኮሰ ብዘይምኳኑ ‘ዩ፡፡ ማለት እቲ ምህርቲ ብቴክኖሎጂ ተደጊፍካ ኣብ ትኽክለኛ እዋኑ ዘይምእካብ ‘ዩ፡፡ ካብ መጠን ንለዓሊ ምንቃፅን ልዕሊ ዓቐን ኣጠቓቕማ ፍርያትን ምኳኑ ከምዝኾነ ‘ዩ ዘረድእ። መንግስቲ ቐንዲ ትኹረቱ ፍርያት ኣብ ምዕባይ ‘ዩ፤ ኣብ ምእካብ ፍርያት ብዙሕ ዘመናዊነት ኣሳራርሓ ኣይተኸተለን፡፡ ሕዚ ‘ውን ካብ ምዕፃድ ክሳብ ምዝባጥ እኽሊ ኣብ ባህላዊ ኣሳራርሓ ዝተመስረተ ‘ዩ ዘሎ፡፡ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ዝተውሃቦ ትኹረት ዳርጋ ትሑት ‘ዩ ምባል ይከኣል። ኣብ ክልላት ዝፈረዩ ዝተፈላለዩ ፍርያታት ሕርሻ ካብ ክልል ናብ ክልል ወይ ናብ ዋና ከተማ ክሳብ ዝበፅሑ ክሳብ ሓምሳ ሚኢታዊ ከምዝባኽኑ ይግለፅ።

ሙሁራት እቲ ዓውዲ ከምዝሕብርዎ፣ ኣብ ፍርያት ኣእኻል ናብ ሳላሳ ሚእታዊ፤ ኣብ ፍርያታት ኣትኽልትን ፍራምረን ድማ ክሳብ ሓምሳ ሚኢታዊ ብኽነት ፍርያት ከምዝፍጠሩ ይሕብሩ፡፡ ካብዚ መረዳእታ እዚ ተላዒልና እናባኸነ ዝርከብ ፍርያት ሕርሻ ንብዙሓት ኢትዮጵያውያን ክቕልብ ዝኽእል ምኳኑ ምግማት ዘፀግም ኣይኮነን። ስለዚ ክንድዚ ዝኣክል ዝባኽን እንተኾይኑ በዝሒ ቁፅሪ ህዝቢ እናዓበየ ምስ ዝኸይድ ዘሎ ተተሓሒዙ ክሳርኡ ብቐሊሉ ዝረኣይ ኣይኮነን፡፡ ምኽንያቱ ምስ ምውሳኽ ህዝቢ ተተሓሒዙ ድልየት ምግቢ እናወሰኸ እምበር እናቐነሰ ኣይኮነን ዝኸይድ ዘሎ፡፡ ስለዚ መንግስቲ ውሕስና ምግቢ ንምርግጋፅ ኣብ ዝገብሮ ዘሎ ፃዕሪ ናይ በዓሉ ኣሉታዊ ፅዕንቶ ከሕድር ይኽእል ‘ዩ። እዚ ብክነት ፍርያት ሕርሻ እዚ እታ ሃገር እትደልዮ ኣቕርቦት ምግቢ ንምርግጋፅ ካብ ዝግበር ፃዕሪ ብተወሳኺ ኣብቲ ለይትን ቐትርን ዝፀዓረ ሓረስታይን ኣብ ጠቕላላ ኢኮኖሚያዊ እታ ሃገርን ዘስዕቦ ክሳራ ብቀሊሉ ክረኣይ ዝከኣል ኣይኮነን፡፡ ዝባፅሑ ኣእኻል ኣብ እዋኖም ክዕፀዱን ክዝበጡን እንተዘይክኢሎም እዞም ፍርያታት ሕርሻ እዚኦም ንምብልሻውን ንባልዓትን ተቓላዕቲ ንክኾኑ ዝፍጥር ዕደል ሰፊሕ ‘ዩ፡፡

ብባህላዊ መንገዲ ኣብ ምእካብ ዘጋጥም ብኽነት ምህርቲ ኣብ ኢኮኖሚያዊ ዕቤት እታ ሃገር ናይ በዓሉ ኣሉታዊ ግደ ኣለዎ፡፡ ፅርየት መፍረያይነትን ፍርያት ኣዝርእቲን ክቕንስ ይገብር፡፡ ፅሬት ዘለዎ ፍርያት ሕርሻ ኣይህሉን፡፡ ብናይ ሰብ ጉልበት እንትእከብ ብዙሕ ግዜ ስለዝወስድ ንተፈላላዩ ባልዓትን ንእዋኑ ዘይሓለወ ዝናብን ክቓላዕ ይኽእል ‘ዩ፡፡ ስለዚ ኣብ ምእካብ ፍርያት ሕርሻ መንግስቲ ኣብዩ ትኹረት ክገብረሉ ኣለዎ፡፡

ብሓፂሩ ኣብዚ ጉዳይ እዚ መንግስቲ ብኽነት ክሳራ ንምቕናስ ናብ ናይ ሕርሻ ቦታታት መሰረተ ልምዓት ብምዝርጋሕ ክሳራ ክቕንስ ክኽእል ኣለዎ፡፡ እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ እቲ ሓረስታይ ብፍልጠትን ክእለትን ክበቕዕ ብምግባር ብኽነት ፍርያት ዝቕንሰሉ መንገዲን ኣሳራርሓን ምኽታል የድሊ፡፡ ኣብ ምእካብ ምህርቲ ዝበፅሕ ብኽነት ብዝግባእ ቑኒስካ ውሕስነት ምግቢ ንምርግጋፅ መንግስቲ ግቡእ ትኹረት ሂቡ ክሰርሓሉ ይግባእ፡፡

> **ኣብ ምእካብ ምህርቲ ዝበፅሕ ብኽነት ብዝግባእ ቑኒስካ ውሕስነት ምግቢ ንምርግጋፅ መንግስቲ ግቡእ ትኹረት ሂቡ ክሰርሐሉ ይግባእ**

# እዋናዊ ዛዕባ

# ሃገራዊ ምርድዳእ ንሕብረ ብሄራዊ ሓድነት

ኣብርሃ ሓጎስ



መበል19 ኢትዮጵያ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሕዳር 29 «ሃገራዊ ምርድዳእ ንሕብረ ብሄራዊ ሓድነት» ብዝብል ቴማ ኣብ ክልል ደቡብ ኢትዮጵያ ከተማ ኣርባ ምንጭ ክኽበር ተገሊፁ ‘ዩ፡፡ እዚ ዕለት ምትእስሳራት ዓርሲ ዓርስኻ ዘጉልሁን ሕብረ ብሔራዊ ሓድነት ብዘጠናኽሩ መልክዕ ከምዝኽበር ተሓቢሩ ‘ዩ፤ እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ሕብረ ብሄራዊ ሓድነት እንትብሃል እንታይ ማለት ‘ዩ? ኣብ ዝበልን ነባራዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ኸ ነዚ ከመይ ምዕቃብ ይክኣል ኣብ ዝብልን ዋና ዳይሬክተር ማዕከል ኣስተምህሮ ሕገ መንግሥትን ፌዴራሊዝምን ኃይለኢየሱስ ታዬ (ዶ/ር)ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ኣይተ ትግሉ መለሰን ከምኡ ‘ውን ኣፈ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ፌደሬሽን ኣይተ ኣገኘሁ ተሻገርን ፀሓፊት ቤት ምኽሪ ጉዳያት ርክብ መንግስትታት፣ሓድነት ዲሞክራስን ኣስተምህሮ ሕገ መንግስትን ቀዋሚ ኮሚቴ ባንቺይርጋ መለሰን ኣብዚ ጉዳይ ዘንፀባረቅዎ ሓሳብ ከምዝስዕብ ኣቕሪበናዮ ኣለና’

ዋና ዳይሬክተር ማዕከል ኣስተምህሮ ሕገ መንግሥትን ፌዴራሊዝምን ኃይለኢየሱስ ታዬ (ዶ/ር) ንትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፤ ሕብረ ብሔራዊነት ማለት ብሄራት ብሓባር፣ ብሕብሪ ኮይኖምን ብሓድነት ተሰማዕሚዖም ዝነብሩሉ ስርዓት’ዩ። ከምኡ ‘ውን ሕብረ ብሔራዊነት ስልጣን ዓርሰ ምሕደራ ኣብ ውሽጡ ዘለዎን፤ ብሄራት ናይ ባዕሎም ባህልን ቋንቋን ዘዕብዩሉ ፖለቲካዊ ስልጣን ዝጎናፀፍሉ ‘ዩ።

ስርዓት ኣተሓሳስባ ሕብረ ብሔራዊነት፤ ዝተፈላለዩ ሕብር ብሔረሰባት ፈጢሮም ዓባይ ሃገር ንክምስርቱ ዘኽእል ምዃኑ ብምሕባር፤ ሕገ መንግስቲ እታ ሃገር ንብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኣፍልጦን ዝሃበን ዋና በዓል ስልጣን ምዃኖም ዘረጋገፀ ‘ዩ። እዛ ሃገር ስርዓት ፌዴራል ዝትኽተል ብምኳና ንብዙሕነት ኣፍልጦ ምሃቡ ይገልፁ። ብተወሳኺ ኢትዮጵያ ሃገር ብዙሕነት ብምኳና ኣፍልጦ ሕገ መንግስታዊ ተዋሂብዎ ክልላት ምምስራተን ብምግላፅ፤ ይኹን እምበር ብባህሪኡ ስርዓት ፌዴራሊዝም ንሕብረ ብሄራዊ ሃገራት ሕልኽላኻት ዘለዎ ‘ዩ ይብሉ።

ብዙሕ ብሄር ዘለዋ ሃገር ብዙሕ ዝኾነ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ፖለቲካዊ ሕቶታት ከምዘለዎ ብምግላፅ፤ እቶም ሕቶታቱ ኣብ ሞነጎ ብዝሕነትን ሓድነትን ሚዛን ብዝሓለወ መልክዕ ምምላስ ከም ሃገር ብሓባር ምቕፃል ዘኽእል ምዃኑን መበገሲ ሓሳብ ፌዴራሊዝም ናይ ሓባርነት ሓሳብ ምዃኑ ዝሕብሩ እቶም ዋና ዳይሬክተር፤ ሃገራዊ መንነቱ ካብ ብሄራዊ መንነትን ምስ ዓረሰ ምሕደራ ምኻድ ከም ዝሓትት ይዛረቡ።

ኣብ ውሽጢ ስርዓት ፌዴራሊዝም ሕብረ ብሄራዊነት ብሄራት ኣብ ዝነብሩሉ ከባቢ ናይ ባዕሎም ዓርሰ ምምሕዳር ናይ ምምሕዳር መሰል ከም ዝህቦም ብምገላፅ፤ ይኹን እምበር ኣብቲ ውሽጢ ክልል ዝርከቡ ካልኦት ክፋል ማሕበረሰብ ፖለቲካዊን ዲሞክራሲያዊን መሰል ከይኸበር ይኽእል ‘ዩ ብዝብል ስግኣት ከምዘሎ የረድኡ።

ነሃተይ ክልል ስለዝኾነ ናተይ ባህሊ፣ ቋንቋ፣ ድልየት ዝተኣናገደሉ ‘ዩ ዝብል ሓሳብ ከምዝፍጠርን፤ ናይ ባዕለይ ጥራሕ ኣነ ጥራሕ ‘የ ክርባሕ ዘለኒ ኢልካ ብምሕሳብ ኣብ ውሽጢ እታ ሃገር ኣግላሊ ብሄርተኝነት ንክርኣይ ይገብር ይብሉ። ኣብ መንነት ዝተመስረተ ክልል ናይ ባዕሉ መንግስቲ፣ ሚዲያ፣ ቋንቋ ስራሕ፣ ባንዴራ ዘለዎ ብምዃኑ ንምንታይ ናይ ባዕለይ ሃገር ዘይምስርት ዝብል ድልየት ከሕድር ከምዝኽእል ብምግላፅ፤ ኣብቲ ሰርዓት ፌዴራሊዝም ጫፍ ዝረገፀ ኣተሓሳስባ ምህላው ናይቲ ስርዓት ፈተና ምዃኑ ይገልፁ።

እቲ ሃገራዊ ሓድነት፣ ምትእስሳሩን ብምጥንኻር ናይ ሓባር ትርኽቲ ዝፈጥሩ ጉዳያት ብምፍጣር ምቅራፍ የክኣል ‘ዩ ዝበሉ እቶም ዳይሬክተር፤ ኣብ ኢትዮጵያ ብዝሃነት ከመዘሎ መግለፂ ሃገር ምዃኑ ምቕባል የድሊ ይብሉ።

ኣብታ ሃገር ኢኮኖሚያዊን ፖለቲካውን ጉዳያት ማዕረ ተሳትፎ ብምጥንኻር ውፅእ ዝበለ ድልየት ዘለዎም ናብ ሓበራዊ ሓሳብ ንክመፅኡ ብምግባር ኣድላይ ምዃኑን ዓርሱ ንምምሕዳር ዝተፈቀደሉ መንግስቲ ክልል ዲሞክራሲያዊ ክኸውን ከመዘለዎ ‘ዮም ዘገልፁ።

ከምኡ ‘ውን ኣተሓሳስባ ብዝሃነት ምቕባል ናብ ማእኸል ምምፃእ ከምዘድሊ ብምገላፅ፣ ኣብታ ሃገር ኣተሓሳስባ ሕብረ ብሄራዊነት ላዕላውነት ንክሕዝን ገዛኢ ኣተሓሳስባ ንክኸውን ምስራሕ ኣለዎ ክብሉ ብምግላፅ፤ መንግስቲ ኣብ ስርዓት ፌዴራሊዝም ዘጋጥሙ ፈተናታት እናቀረፈ ክኸይድ ከምዘለዎን ፀገማት ስርዓት ብዘጠናከሩ መልከዕ እናፈትሐ ምኻድን ዜጋታት ነቲ ስርዓት ንክርድኡ ምስራሕ የድሊ ይብሉ።

**ኣብታ ሃገር ኢኮኖሚያዊን ፖለቲካውን ጉዳያት ማዕረ ተሳትፎ ብምጥንኻር ውፅእ ዝበለ ድልየት ዘለዎም ናብ ሓበራዊ ሓሳብ ንክመፅኡ ብምግባር ኣድላይ እዩ**

ትካላት ትምህርቲ ‘ውን ብዝሃነት መግለፂ ኢትዮጵያ ምዃኑ ተረዲኦም ብዝሑነት ዝቕበሉ፣ ሓቢርካ ንምንባር ፍቓደኛ ዝኾኑ ዜጋታት ምፍጣር ከም ዘድሊ፤ ፀገማት ብሕጊ ኣግባብ መፍታሕን ደቂ ሰባት ብሓባር ናይ ምንባር ኩነታት ዘኽእል ስራሕ ክስራሕ ኣለዎ። ብተወሳኺ መሰረታዊ ኣብ ዝኾኑ ኣብ ጉዳያት እታ ሃገር ብሄራዊ ምረድዳእ ምፍጣር የድሊ ክብሉ የረድኡ።

ኢትዮጵያ ሕብረ ብሄራዊ ብምዃና ሃገራዊ ምርድዳእ ኣተሓሳስባ ሕብረ ብሄራዊ ንክህልው ምግባር የድሊ ዝበሉ ኣይተ መለሰ፤ ሕብረ ብሄራዊነት እንትንብል ዓርስኻ ምምሕዳር፣ ዝተፈላለዩ መሰላት ምኽባር ፖለቲካዊን ሕገ መንግስታውን መሰላት ምስ ምኽባር ሓቢርካ ምኻድ ‘ዩ። ከምኡ ‘ውን ኣብ ናይ ባዕልኻ መንነት ውሽጢ ኮይንኻ ናይ ሓባር ሃገር ምህናፅ ዓቢይ ሃገራዊ ሓላፍነት ይኸውን ክብሉ ይዛረቡ።

ሕብረ ብሄራዊ ሓድነት ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ሃገር ኩሉ ብሄረሰብ ናይ ባዕሉ መሰል ምምሕዳር ተኸቢሩሉ ንናይ ሓባር ዕላማ ደው ክብል ብምግባር ምዃኑ ዝገልፁ ኣይተ መለሰ፤ ሓድነቱ ከረጋገፅ ዝክኣል ኣብ ሞንጎ ብብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዘለው ርክባትን ምትሕብባራትን መሰረት ብዝገበረ መንገዲ ብምምራሕ ምዃኑ ይገልፁ።

ሕብረ ብሄራዊነት ብተፈጥረኡ ፖለቲካዊ ‘ዩ ዝብሉ ኣይተ ትግሉ፤ ዓርስኻ ብዓርስኻ ምምሕዳር፣ ንባዕልኻ ዝተፈለዩ መሰላት ብሕጊ ምኽባር፣ ምስ ምውካል ዝተራኸቡ ጉዳያት ምዃኖምን ሕብረ ብሄራዊነት ባህሊን ብዙሕነትን ዘርኢ ዓርስኻ ብዓርስኻ ምምሕዳር፣ ሕገ መንግስታዊ ስልጣን ዝገልፅ ምዃኑ ብምሕባር፤ ንሓደ ሃገር ምርድዳእ ቁልፊ ጉዳይ ምዃን ከም ሃገር ሓደ ንምዃን ኣብ ሕብረ ብሄራዊነት ምርድዳእ ይሓትት ክብሉ ይገልፁ።

መበል19 ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ሕዳር 29 «ሃገራዊ ምርድዳእ ንሕብረ ብሄራዊ ሓድነት» ብዝብል ቴማ ኣብ ደቡብ ኢትዮጵያ ከተማ ኣርባ ምንጭ ምስ ምኽባሩ ተተሓሒዙ በቲ መሪሕ ሓሳብን ሕብረ ብሄራዊ ሓድነት ብዘጠናኽሩ ርእሰ ጉዳያት ንሚድያ ኣመራርሓን ንጋዜጠኛታትን ግንዝበ መጨበጢ ስልጠና ኣብ ዝሃብሉ ኣፈ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ፌደሬሽን ኣይተ ኣገኘሁ ተሻገር ብዙሕ ማንነት ንዘለዋ ኢትዮጵያ ሕብረብሄራዊ ሓድነት ንምህናፅ ሃገራዊ ምርድዳእ ኣስኳል ‘ዩ ክብሉ ገሊፆም ‘ዮም።

ኣይተ ኣገኘሁ ኣብቲ ስልጠና ከምዝገለፅዎ፤ ከም ኢትዮጵያ ብዙሕ ሃይማኖት፣ ቋንቋ፣ ባህልን ኣመለኻኽታን ንዘለዋ ሃገር ሕብረብሄራውነት ሓድነት ንምህናፅ ሃገራዊ ምርድዳእ ኣስኳል ‘ከምዝኾነን እቲ ባዓል ናይ ኢትዮጵያ ብዙሕ መንነት ኣፍልጦ ካብ ምሃብ ንላዕሊ ብማዕርነት ዝተመስረተ ሓድነትን ሰላምን ንምህናፅ ከምዝሕግዝ የብርሁ፡፡

ስርዓት ፌደራል ኣብ ፅኑዕ መሰረት ንምህናፅ ዘጋጥሙ ፀገማት ብምዝርራብ ብምምኽኻር ምፍታሕ ሕብረ ብሄራዊ ኢትዮጵያ ንምህናፅ ዓብይ ግደ ከምዘለዎ ዘግልፁ ኣይተ ኣገኘሁ፤ እቲ ባዓል ናይ ብሄራት፣ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሕድሕድ ምፍላጥን ዝገብር ከምዝኾነን፤ ብኣዳለውቲ ክልላትን ከተማ ምምሕዳራትን ዝርከቡ ቱሪስትታት ታሪኻዊ ቦታታት ንክፋለጡ ምችው ኩነታት ዝፈጥር ከምዝኾነ ‘ውን የረድኡ።

ከምኡ ‘ውን ሕብረ ብሄራዊ ሓድነት ብዘይ ሃገራዊ ምርድዳእ ኣይፀንዕን ዝበሉ እቶም ኣፈ ጉባኤ፤ ሃገራዊ ምርድዳእ ንሕብረ ብሄራዊ ሓድነት መሰረቱ ‘ዩ፡፡ ሃገራዊ ምርድዳእ ብዘተ፣ብምኽክር፣ ብሂብካ ምቕባል ዝመፅእን ንሃገራዊ እሴት ክብርን ዋጋን ዝህብ ከምዝኾነ ታሪኻት ተዋሂዶም እንትውሕዙ ሕብረ ብሄራውነት ሓድነት ከምዝሃንፅ ድሕሪ ምግላፅ፤ ብተፃራሪኡ ድማ ናተይ ባህሊ፣ ሃይማኖት፣ ብሓፈሻ ናተይ ጥራሕ ማንነት ልዕል ይበል ዝብል ሓሳብ ሕብረ ብሄራዊ ሓድነት ተግባራዊ ንከይኾን ዝገብር ከምዝኾነ ይዛረቡ፡፡

ሓድነታ ዘይተሓለወት፣ ሰላማ ዘይሰፈነት ሃገር ልምዓት ምስኻዕ ኣይትኽእልን ዝበሉ ኣይተ ኣገኘሁ፤ እቲ ባዓል ናይ ሓባር ታሪኽናን እሴታትናን እነርእየሉ፤ ናይ ህዝብታት ናብራ ዝንፀባረቐሉ ከምዝኾነን መበል 19 መዓልቲ በዓል ናይ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታት በቢብርኩ እንትነኽብር ሓድነት ህዝብታትን ምትእስሳርን ንክረጋገፅ ብምግባር ከምኡ ‘ውን ሓድነት ሃገርን ሰላምን ተሓልዩ ንቀፃሊ ወለዶ ብትኹረት እንሰርሐሉ ክኾን ‘ዩ ክብሉ ይገልፁ፡፡

መራኸብቲ ሓፋሻት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብፍትሓዊነት፣ ሕብረብሄራዊነት ዲሞክራስያዊት ኢትዮጵያ ብምህናፅ ትኹረት ሂቦም ክሰርሑ ከምዝግባእን እዚ ባዓል እንትኽበር ኣብ መንጎ ህዝብታት ማዓርነት ዝተመስረተ ሓድነት ሱር ንክሰድድን ንክምዕብልን ንምግባር መራኸቢ ሓፋሽ ዘይትካእ ግደ ኣለዎም፡፡

ቤት ምኽሪ ፀሓፊት ቀዋሚ ኮሚቴ ጉዳያት ርክብ መንግስትታት፣ሓድነት ዲሞክራስን ኣስተምህሮ ሕገ መንግስትን ባንቺይርጋ መለሰ ኣብ ኣከባብራ እቲ በዓል ኣመልኪተን ኣብ ዝሃብኦ መግለፂ፤ መበል 19 መዓልቲ ብሄር፣ብሄረሰብን ህዝብታትን “ሃገራዊ ምርድዳእ ንሕብረ ብሄራዊ ሓድነት” ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ሓሳብ ኣብ ክልል ደቡብ ኢትዮጵያ ከተማ ኣርባ ምንጭ ከምዝኽበር ብምፍላጥ፤ እዚ ሎሚ ዘበን ዝኽበር መበል 19 መዓልቲ ብሄር፣ብሄረሰብን ህዝብታትን፤ ምትእስሳር ሕድ ሕድን ሕብረ ብሄራዊ ሓድነትን ብዘጠናኽሩ መርሃ ግብርታት ከምዝኽበር ‘ውን ይገልፃ።

ምስ እዚ ተተሓሒዙ 25 ሕዳር መዓልቲ ኣሕዋት ብዝብልን ዓብይ ጉያ ንሕብረት ብዝብል ዝተፈላለዩ ስፖርታዊ ውድድራት ከምዝኽበር፣ 26 ሕዳር ድማ መዓልቲ ሕብረት ብዝብል ብሄር፣ብሄረሰብን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ናብ ከተማ ኣርባ ምንጭ ዝኣትዉሉን ኣብቲ መዓልቲ ምርኢትን ባዛርን ንግዲ ከምዝኽፈት፣ 27 ሕዳር መዓልቲ ደቡብ ኢትዮጵያ እንትኸውን ኣብቲ ክልል ዝርከቡ ብሄር፣ብሄረሰባትን ህዝብታትን ባህሎም ዘርእይሉ ፌስቲቫል ባህልን ብዛዕባ ልምዓትን ባህልን ደቡብ ኢትዮጵያ ሰፊሕ ሽፋን ሚድያ ዝረኽባሉን ከምዝኾን የረድኣ።

ከምኡ ‘ውን 28 ሕዳር መዓልቲ ምኽክር እንትኸውን ሃገራዊ ሲምፖዜምን ችቦ ሰላም ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ንኩሎም ክልላትን ምምሕዳር ከተማን ዘረክበሉን መዓልቲ ኮይኑ 29 ሕዳር ድማ መዓልቲ ኢትዮጵያውያን ብዝብል ብሄር፣ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ባህሎም ዘፋልጥሉን ኢትዮጵያውያን ኣብ ሓደ መድረኽ ዝራኸብሉን ከምዝኾነን። ኣብቲ መዓልቲ፤ መርሃ ግብርታት መርኢት ባህሊ፣ መዛዘሚ ርኽክብ ዋንጫ ዓብይ ግድብ ሕዳሰን ምፍላጥ ቀፃሊ ኣዳለዊት ክልልን ከምዝሳለጥ ኣረዲኣን።

Ethiopian nation nationalities day
የኢትዮጵያ ብሄር ብሄረሰቦች እና ህዝቦች ቀን

## ዕዱም ጋሻ

# “ማሕበራዊን ኢኮኖሚያዊ ስራሕትና ሰሪሕና ንክንልወጥ መሰረቱ ሰላም እንተሃለዩ ‘ዩ”

**- ኣይተ ሓዱሽ ኣሰፉ፣**

**ምክትል ከንቲባን ሓላፊ ዘፈር ቁጠባን ከተማ ውቕሮ**

ኣብርሃ ሓጎስ



**ናይ ሎሚ ናይዚ ዓምዲ ጋሻና፤ ምክትል ከንቲባን ሓላፊ ዘፈር ቁጠባን ከተማ ውቕሮ ኮይናም፤ ኣይተ ሓዱሽ ዝተወለዱ ኣብ ማእኸላይ ዞባ ኣብ ወረዳ ኣሕፈሮም ኮይናም፤ ሳዕላዋይ ብርኪ ትምህርቶም ድማ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ስቪል ሰርቪስ ዩኒቨርስቲ ብሕጊ ዲግሪ፤ ካብ ሸባ ዩኒቨርስቲ ድማ ብማናጅመንት ዲግሪ ዝተምሃሩን ክሳብ ሐዚ ኣብ ስራሕ ካብ ዘለዎም ልመዲ፤ ኣብ ምኽባር ሰላምን ድሕንነትን ኣብ ፖሊስ ብሞያ ሕጊ ሓደ 5 ዓመት፣ ኣብ ቤት ምኽሪ ብሕጊ ኣማኻሪነት 5 ዓመት፣ ብፖለቲካዊ ጉዳያት ኣማኻሪን ዋና ኣመሓዳርን ”ውን 4 ዓመት፣ ሐዚ ኣብ ዘለውዎ ስራሕ ምድብ ድማ ምክትል ከንቲባን ሓላፊ ዘፈር ቁጠባን 2 ዓምት ዝገበሩን ብሓፍሻ ን26 ዓመታት ብመሪሕነትን ብኽኢላን ዘሰርሑን እናሰርሑ ዝረከቡ ”ዮም። ናይ ሎሚ ጋሻና ኣይተ ሓዱሽ ኣሰፉ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝነበሮም ቃለ መሕትት፤ ካብ ታሪኻዊ ኣመሰራርታ ከይዲ ዕብየትን ከተማ ውቕሮ ጀሚሩ፤ ብዋናነት ቁጠባዊ ምንቅስቃስ እታ ኸተማ መሰረት ዘኾኑን ኣብዚ እዋን ዘሎ ምንቅስቃሳት ልምዓት፣ ሰላምን ድሕንትን፣ ሰራሕ ፈጠራን ኣብ ዝኣምሰሉ ትኹረት ብምግባር ዘሕለፍዎ ሓበሬታን መልእኽትን ከምዚ ዘስዕብ ኣቅሪብናዮ ኣለና፡፡ ሰናይ ንባብ!**

**ወጋሕታ፡- ታሪኻዊ ኣመሰራርታን ኸይዲ ዕብየትን ከተማ ውቕሮ እንታይ ይመስል?**

**ኣይተ ሓዱሽ፡-** ታሪኻዊ ኣመሰራርታ ከተማ ውቕሮ ክንረኢ ከለና፤ ኣብ ራብዓይ ክፍለ ዘመን ምስ ምምፃእ ነገስታት ኣክሱም ኣብርሃ ወኣፅብሃን ምምስራት ገዳም ቂርቆስን ተተሓሒዙ ዘተመስረተት ‘ያ። ቅድሚ ውቕሮ ተባሂላ ምፍላጣ “ኣብላስ” ብዝብል ስም ‘ያ ትፅዋዕ ነይራ። ኣብላስ ማለት ድማ ኣብቲ ቦታ ዝነበረ መፀውዒ ለምለም ቦታ ‘ዩ ነይሩ። ደሓር ግና ኣብ ራብዓይ ክፍለ ዘመን ምስ ምምስራት ገዳማት ኣብርሃ ወኣፅብሃን ቅዱስ ቂርቆስን ብፍላይ ካብ ውቕር ኣካውሕ ዝተሰርሐ ገዳም ቂርቆስን መሰረት ብምግባር ውቅር ካብ ዝብል ናብ ውቕሮ ዝብል ተሰጋጊሩ መፂኡ።

ኣብዚ ቅድም ኢሉ መዕረፊ ነገስታት ኮይና ተገልግል ከምዝነበረትን ኣብ ሓራ ሓፂን ዝብሃል ነገስታት ዝሰርሑሉን ዝቕመጡሉን ዝነበረን ዓዲ ገረንቾአል ዝብሃልን ንዕኡ ዝገልፅ ቦታ ‘ውን በኣካል ዝርኣይ ኣሎ ‘ዩ። ፀኒሑ ድማ ናብ ከተማ ምኽታምን ናብ ዝሓሸ ብርክን ዝመፅትሉ ተባሂሉ ዝግለፅ ከዓ ጣልያን ናብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝኣተወሉ ኣብ 1928 ዓ.ም ኣብ ውቕሮ 01 ዝብሃል ህንፃን መጋቢት 30 ዝብሃል ዓብይ ድልድን ሰሪሑ ነዚ ምስ ሰርሐ ናይቲ ከባቢ ሰብ እናተቀራረበ ከተማ ምምስራት ጀሚሮም። ጣልያን ባዕሉ ‘ውን ሰከንድ ሮማ ዘብል ስም ሂብዋ ብኡ ኣቢሉ ‘ውን ሰብ እናተኣኻኸበን እናሰፍሐትን መፂኣ። ድሕሪ ነዊሕ እዋን ድማ ኣብ ትግራይ ኣለዋ ካብ ዝበሃላ 12 ኸተማታት ሓንቲ ኮይና ብኸተማ ምምሕዳር እትመሓደር ዘላ ኸተማ ‘ያ።

**ወጋሕታ፡- ብዋናነት ወይ ብፍሉይ እታ ኸተማ ብምንታይ ትፍለጥ? ብዋናነት ምንቅስቓስ ልምዓት ከ ኣብ ምንታይ መሰረት ዝገበረ ”ዩ?**

**ኣይተ ሓዱሽ፡-** ከም ከተማ ውቕሮ ፍሉይ መፍለይ ባህሪኣ ህዝባ ተቀባሊ ጋሻ ከምዝኾነ ዝውሰድ ‘ዩ። ኣብቲ ከተማ ናብ 6 ሃይማኖት ዝኾኑ ተኸተልቲ ተኸባቢሮም ዝነብሩላ ‘ያ። ካልኣይ ከተማ ውቕሮ ማእኸል ኪነ ጥበብን ስፖርትን ‘ያ። ብዙሓት ከየንቲ ዝፈረዩላን ማዕኸል ኪነጥበብ ‘ያ። ካልኣይ ማእኸል መስሕብ ቱሪዝም ‘ያ። ኣብዝ ኸባቢ ብዙሓት መስሕብ ቦታት ቱሪዝም ኣለውዎ። ኣብ ውሽጣ ሓደ ኣርባዕተ ዝኾኑ ገዳማትን መስሕብ ቱሪዝማትን ዘለውዋ ከተማ ‘ያ። እዚኦም ድማ ቤተመዘክር ውቕሮ፣ ቂርቆስ ገዳም፣ ጉድባሕሪ ኣርኮሎጂን ብጣልያን ዝተሰርሐ ገዛ ጣልያን ዝበሃልን ኣብ ውሽጣ ካብ ዘለው መስሕብ ቱሪዝም ‘ዮም።

ካብ ናይ ባዕላ ወፃኢ ካብቲ ከተማ ውፅእ ኢሎም ኣብ ዙርይኣ ድማ ብክልተ ኣብላዕሎ ኣብ ዝፅዋዕ ብዙሓት ገዳማት ኣለዉ ‘ዮም። መድሃኔኣለም፣ ሚካኤል ምልሃይ ዘንጊ፣ መቃብር ጋዕዋ፣ ገዳም ኣብርሃ ወኣፅብሃ፣ ኣቡነ ኣብርሃም ደብረ ፅዮን ዝበሃሉ ገዳማትን ታሪኻዊ መስጊድ ኣልነጃሲ ‘ውን ኣብዚ ከባቢ ዝርከብ ስለዝኾነ ነዚኦም ክጉብንዩ ዝመፅኡ ጎብነይቲ ወሽጢ ዓድን ወፃእን ኣብ ከተማ ውቕሮ ‘ዮም ዝዓርፉ። እዚ ድማ ከም ሓደ መለለይ እቲ ከተማ ማእኸል ቱሪዝምን ምድራዊት ገነት ተባሂላ ትፅውዐሉ ‘ዩ። ከም ራብዓይ መለለዩኣ ከተማ ውቕሮ ድማ ቆሎ ‘ዩ። ቆሎ ውቕሮ ፍሉይ ኣደላልዋ ዝግበረሉን ፍሉይ ጣዕሚ ዘለዎን ከም ኣብ ካሊእ ባታት ናይ ባዕሉ መለለይ ከምዘለዎ ከተማ ውቕሮ ‘ውን ቆሎ ሓደ ካብ ፍሉይ መለለዩኣ ‘ዩ። በዚኦም ዓበይቲ ድማ ውቕሮ ትፍለጥ።

**ወጋሕታ፡- ከተማ ውቕሮ ኣብ በጀት ዓመት 2017 ከተዕውቶም ካብ ዝተስመቶም ትልምታት እንታይ እነታይ ”ዮም?**

**ኣይተ ሓዱሽ፡-** ብመሰረቱ ቅድሚ ናብኡ ምእታውና መሰረት ንልምዓት እታ ኸተማ መበገሲ ፍልፍል ቁጠባ ዝኾንዋ ሓደ ምንቕስቃስ ንግዲ ‘ዩ። ካልኣይ ስራሕቲ ኮንስትራክሽን ‘ዩ። ሳልሳይ ድማ ከተማ ሕርሻ ኮይኑ ኣብ ምርባሕ ፀባ ከፍትን ደርሆን ዝበሉ ‘ዮም። ራብዓይ ድማ ቱሪዝም ‘ዩ። ሃወፅቲ ውሽጢ ዓድን ናይ ወፃእን ስለዝመፅኡ፤ እዚኦም ነታ ኸተማ ከም ደምሱር ኮይኖም ዘገልግሉ ‘ዮም።

ካብዚ ብምበጋስ ኣብ 2017 ዓ.ም ከነዕውቶም ኢልና ካብ ዝሓዝናዮም ትልምታት ውሽጢ፤ ሓደ ስራሕቲ መሰረተ ልምኣት ‘ዩ። ካብቶም መሰረተ ልመዓት ድማ ስራሕቲ ኣስፓልቲ እታ ኸተማ ‘ዩ። ካልኣይ ድማ ምስፍሕፋሕ መልከዐኛ እምኒ ኮይኑ፤ ሳልሳይ ድማ ምስፍሕፋሕ መሰረተ ልማዓት ማይ፣ መብራህቲ ‘ዩ። ከምራብዓይ ነዚ ዘንቀሳቅሶ ናይ ደኣንትን ማኒፋክቸሪን ስራሕቲ ‘ዮም።

ካብቶም ስራሕቲ ማኒፋክቸሪን ደኣንትን ዘንቀሳቅስዎ ብዋናነት ኣብ ዘፈር ስራሕቲ ኮንስትራክሽን ንግድን ከተማ ሕርሻን ግልጋሎትን ከም መሰረት ወሲድና ኣብዚኦም መሰረት ዝገበረ ኣብዚ ዓመት ከም ከተማ ኣብ ዝረኣናዮ 5ሽሕን756 ስራሕ ስእነት ዘለዎ ሓይሊ ሰብ ሰራሕ ንምፍጣር ኮይኑ፤ ካብዚኦም ኣብዚ ዓመት ካብ 63 ክሳብ 65 ሚእታዊ ስራሕ ዕድል ክንፈጥረሉ ኣለና ኢልና ተበጊስና 3ሽሕን409 ብቀዋምን ግዝያውን ስራሕ ዕድል ክንፈጥረሉ 1ሺሕን220 ድማ ብኢተርፐራይዝ ደረጃ ስራሕ ክንፈጥረሎም ኢልና ትልሚ ሒዝና ከምዘልና ‘ዩ። ነዚኦም ስራሕ ንምፍጣር ናይ መስርሒ ቦታ ብግዝያውን በቀዋምን ምዕዳል፣ ኣብ ንግድን ማንፋክቸራትን ማሕበራት ዘተወደቡን ብማሕበራት ዝተወደቡ ነባሪ ማሕበረሰብና ንመንበሪ ካሕሳ መሬት ከፈልካ መሬት ንክዕደል ብምግባር፣ በዚ ኣቢልካ ድማ ስራሕ ዘይብሎም ንኡሳት ብቀዋምን ብግዝያውን ስራሕ ክፍጠር ምግባር ዝሓዝናዮም ትልምታት ኣለውና።

እዚ እንትንሰርሕ ከጋጥሙና ዝኽእሉ ፈተናታት ‘ውን ኣለው ‘ዮም። ካብዚኦም ሓደ ካብ መንግስቲ ዝልቀቕ እኹል በጀት የለን፣ ናይ ስቪል ሰርቫንት ዝበሃል ‘ውን ናይ ሸውዓተ ወርሒ ደመወዝ ጥርሕ ‘ዩ ዘለዎ። እዚ ንምቕራፍ ድማ ኣብ ከባቢና ዘለው ነጋዶ ብምልዕዓል፣ ኣብ ከባቢና ዘሎ ሃፍተ ገነት ብምጥቃም ናይ ባዕልና እቶት ብናይ ባዕልና ሰራሕተኛ ብዝብል ‘ዩ እቲ ምንቕስቓስ ሰራሕቲ ተጀሚሩ ኣሎ። እቲ ስራሕቲ ኣስፓልት ‘ውን ብግልፂ ምስ ሱር ኮንስተራክሽን ውዕል ኣሲርና ጀሚርና ኣለና። ከምዚ እናበልና ክንሽጋገር ሒዝናዮም ዘለና ‘ዮም።

> **ኣብ ከባቢና ዘሎ ሃፍተ ገነት ብምጥቃም ናይ ባዕልና እቶት ብናይ ባዕልና ሰራሕተኛ ብዝብል ‘ዩ እቲ ምንቕስቃስ ሰራሕቲ ተጀሚሩ ዘሎ**

**ወጋሕታ፡- ካብ ኣፈፃፅማ ትልሚ ዓመት 2017 ዝሓለፈ ርብዒ ዓመት እንታይ ይመስል? ክሳብ ሐዚኸ እንታይ ስራሕቲ ተፈፂሞም?**

**ኣይተ ሓዱሽ፡-** ዝበዝሕ ናይ ቀዳማይ ርብዒ ዓመት ናይ ምድላውን መፅናዕቲ ምክያድን ንመስርሒ ዝኸውን ምድላው መሬትን ገንዘብን ብሓፈሻ ናይ ቅድመ ምድላዋት ‘ዩ ብበዝሒ ኣናተሰረሐ ነይሩ። እዚ እናተሰርሐ ከምዘለዎ ኮይኑ ድማ ስራሕ ዕድል ኣብ ምፍጣር ብቀዋሚ፣ ግዝያዊን ብእንተርፐራይዝን ዝተወሰነ ተፈጢሩ ‘ዩ። ካብዚ ብቀዋሚ 263 ሰብ ዝኣኸሉ ብግዝያዊ ድማ 4 ኮይኑ ብብርኪ እንተርፐራይዝ ከዓ 251 ሰብ ሰራሕ ዕድል ተፈጢሩ። እንተርፐራይዝን ክንብል ከለና ኣብ ደኣንትን ማንፋክቸሪን ንግዲ ፍቃድ ኣውፂኦም ትካል መስሪቶም ሓደሽቲ ምንቅስቓስ ስራሕ ዝጀመሩ ‘ዮም። ብሓፈሻ ዝተፈጠረ ዕድል ስራሕ ናብ 519 ዝኣክል ብግዝያዊን ብቀዋሚን ብእንተርፐራይዝ ‘ዩ።

ከምዘፈር ቁጠባ እዚ ከረኣይ ከሎ ብዙሕ ኣይኮነን እቲ ቀዳማይ ርብዒ ዓመት ናይ ምድላውን መፅናዕቲ ምክያድን ናይ ቅድመ ምድላው ምኳኑ ክርኣይ ከሎ ግና ከብዚ ተበጊስካ ናብ ካልኣይ ርብዒ ዓመትን መንጠሪ ዝሓሸ ንምስራሕ ምስ መዳርግቲ ኣካላት ብምትሕብባር ንምስራሕ ይኸየድ ‘ዩ ዘሎ። ብፍላይ ቀዋሚ ስራሕ ዕድል ብምፍጣር ዝለዓለ ግደ ሒዙ ኣብዚ ከተማ ለውጢ ንኽመፅእ ይስርሐሉ ዘሎ ‘ዩ።

“ማሕበራዊን...ገጽ 6

# ዕዱም ጋሻ

## “ማሕበራዊን ኢኮኖሚያዊ ስራሕትና. . .

**ወጋሕታ፡- ሰላምን ድሕንነትን እታ ኸተማ ኣብ ምውሓስን ምንቅስቓስ ኢንቨስትመንት ኣብ ምጥንኻርን እንታይ ዕድላትን ፈተናታን ኣለው?**

**ኣይተ ሓዱሽ፡-** ንዅሉ መሰረቱ ሰላም እንተሃለዩ 'ዩ። ማሕበራዊ ይኹን ኢኮኖሚያዊ ስራሕትና ሰሪሕና ክንልወጥ እንኽእል። ከም ከተማና ክርኣይ ከሎ ድማ ናይቲ ሰላምን ድሕንነትን በዓል ዋና ህዝቢ ስለዝኾነ፤ ቅድም ኢሉ ኣብ ሓምለ ከባቢ ዝተወሰኑ ፀገማት ነይሮምና 'ዮም። ብዝተገበረ ምንቕስቓስ ህዝብናን ምትዕርራይ ፀጥታናን ግና ሐዚ ዝሐሸ ኩነታት ኣሎ። እቲ ፀጥትኡ 'ውን ዝተረጋገፀ 'ዩ ዘሎ። ድሕሪ እቲ መዕናዋይ ኵናት ኣብዚ ኣብ ከተማና ተራእዩ ዘይፈልጥ ዘይንቡር ተግባራት ይረኣዩ ኣለዉ 'ዮም። ውላድ ነዲኡ ምቕታል፣ ሰብኣይን ሰበይትን ምቕታል ዝበሉ ዘይንቡር ኣብ ከተማና ዝተረእዩሉ ነይሩ 'ዩ። ዋላ 'ቶም ፈፀምቲ ገበን ኣየምልጡ፤ እቲ ተግባር ኣብ ተጋሩ ንባህሊናን ሃይማኖትናን ዘይምጥን ተግባር 'ዩ።

ነዞም ከምዚኦም ዝበሉ ከይድገሙ ዝተፈላለዩ መራሕቲ ሃይማት፣ ዓበይቲ ዓዲን እድራትን ብመትእኽኻብ መሰል ተግባራት ከይድገም ዝለዓሉ ስራሕቲ ተሰሪሖሉ 'ዩ። ሐዚ 'ውን በቢ ቤተክርስትያኑን መስጊዱን ከይድገም ብዝብል ፅቡቅ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ኣለዉ። ሐዚ ብድምር ፀጥታና እንትርእ ኣብ ዝሐሸ ብርኪ ኣሎ ኢልና፤ ይኹን እምበር ፀጥታ ሓደ ግዘ እንተተዓንቂፉ ምምላሱ ስለዘይተርፍ ዋና ትኹረቱ ገይሩ እቲ መሪሕነትን ህዝብን ይሰረሓሉ ኣሎ 'ዩ።

ስራሕቲ ኢንቨስትመንት ብዝምልከት ከም ከተማ ቅድም ኢሉ ዝጀመረ ምንቅስቓስ እምበር ሓደሽቲ ሐዚ ዝተሰርሐ የለን። ውሱን ናይ መሬት ሊዝ እኳ እንተተጀመሩ፤ እቲ ስራሕ 'ውን ብብርኪ ክልል ዝውዳእ ስለዝኾነ ኣባና ኣብዚ ዓመት እንጅምሮ የለን። ናይ ምምቻው ስራሕቲ ግና መሬት ናይ ምድላው ምስ ኣብ ወረዳ ምምሕዳርን ክልተ ኣብላዕሎ እናተረዳዳእኻ ካሕሳ መሬት ኣብ ምድላው እናተሰርሐ 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- ኣብዚ ክግለፅ ዘለዎ ዘይተገለፀ ዝብልዎን ወይ ዘሕልፍዎ መልእኽቲ እንተሃለዩ ናይ መወዳእታ ዕድል ክህቦም?**

**ኣይተ ሓዱሽ፡-** ዘሕልፎ መልእኽቲ ከም ትግራይን ከም ከተማናን በሰንኪ እቲ ኵናት ብዙሕ ኣፀገምቲ ኩነታት፣ ሰዓታትን መዓልታትን ሓሊፍና መፂእና ኢና። ዉሱን ኣንፃራዊ ሰላማዊ ኣየር ኣብ ዝተረኸበሉ 'ውን ብዘለና ሃፍቲ ገነት ፈንጠርጠር እናበልና ስራሕ ጀሚርና ኣለና። እዚ ተጠናኺሩ ንክቕፅል ከተማና ናብቲ ዝነረትሉ ማእኸል ቱሪዝም ንክንምለስ ነዚ ጋዜጣ ዘንብብን ዝከታተልና ዘሎ ደጋፊ ናይዚ ምንቕስቓስና ኮይኑ ክርከብ 'ዩ ዘሕልፎ ምልእኽተይ።

**ወጋሕታ፡- ንዝነበረና ፃኒሒት የቐንየልና፡፡**

**ኣይተ ሓዱሽ፡-** ኣነ 'ውን የቐንየለይ፡፡

## ኣብ ወፍሪ ክታበት ካንሰር ልዕሊ 263 ሽሕ ደቂ ኣንስትዮ ክኽተባ 'የን

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ኣብዚ ሰሙን እዚ ዝካድ ዘሎ ወፍሪ ክታበት መከላኸሊ ካንሰር ኣፍደገ ማህፀን ልዕሊ ክልተ ሚኢትን ስሳን ሰለስተን ሽሕ ደቂ ኣንስትዮ ንምኽታብ ተተሊሙ እናተሳለጠ ከምዝርከብ ቢሮ ጥዕና ክልል ትግራይ ኣፍሊጡ፡፡

ኣብ ቢሮ ጥዕና ክልል ትግራይ ናይ ኣዴታትን ህፃናትን ክታበት መተሓባበሪ ዝኾኑ ኣይተ ገብረሃዋርያ ገብረክርስቶስ ንጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝሓብዎ ሓበሬታ ከምዝገለፅዎ፤ እቲ ክታበት ዕድሚኦን ካብ 9 ክሳብ 14 ዓመት ንዝኾና ደቒ ኣንስትዮ እናተዋሃበ እንትኸውን ካብ 09 ሕዳር ጀሚሩ ክሳብ 13 ሕዳር ዝፀንሕ 'ዩ፡፡

እዚ ክታበት እዚ ኣብ ከንበፅሐን ንኽእል 81 ዝኾና ወረዳታት ንምኪያድ ተተሊሙ እናተኻየደ ኮይኑ ንልዕሊ 263 ሽሕ ዝኾና ቖድሚ ሕዚ ተኸቲበን ንዘይፈልጣ ደቂ ኣንስትዮ ንምኽታብ ተተሊሙ 'ዩ ዝስራሕ ዘሎ ክብሉ ገሊፆም፡፡

እዚ ክታበት ምስ መዳርግቲ ኣካላት ብምውዳድ እናተሰርሐ ከምዝርከብ ብምግላፅ፤ ኣብ ቤት ትምህርትን ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ናይ መኽተቢ ናቑታታት እናተኻየደ ከምዝርከብ ተዛሪቦም፡፡

ሕዳር 13 ዝዛዘም ዘሎ ወፍሪ እቲ ክታበት፣ ሕማም ካንሰር ኣፍደገ ማህፀን ሽለል ዝበሃል ሕማም ስለዘይኮነ ዕድሜኦን ካብ 9ክሳብ 14 ዓመት ዝኾና ጎራዙ ደቂ ኣንስት ክታበት ከይወሰዳ ከይተርፋ ወለድን ቤተሰብን ናብ ናይ መኽተቢ ናቑታታት ብምልኣኽ ሓላፍነቶም ክዋፅኡ መልእኽቶም ኣሕሊፎም፡፡



## ሃገራዊ ፀገማት ብምኽክር. . .

መፍትሒ ብምፍላቕ፣ ብፍልጠቶም፣ ንሃገር ዝጎድኡ ፀገማት ነቒስካ ብምውፃእ ኣዝዩ ጠቓሚ ፍታሕ ንምምፃእ ዓብዪ ዓቕሚ ኣለዎም።

ሎሚቕነ ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ሓሳብ ምሁራን ኣብ ምትእኽካብ ኣጀንዳን ኣብቲ መድረኽ ምኽክርን ንምክታትን ጭቡጥ ውፅኢት ንምምፃእን 6 ሕዳር 2017 ዓ.ም ካብ 56 ዩኒቨርስትታት ምስ ዝተውፃእፅኡ ልሂቃንን ተወከልቲ 5ተምሃሮን ምኽክር ኣሳሊጡ።

ሃገራዊ ምርድዳእ ንምምፃእ ሰላማዊ፣ ፈታዊ ሃገር፣ ምኽንያታዊ ወለዶ ምፍራይ፣ ንዝተሰሓሓተ ትርኽቲ ምእራም ኣድላዪ 'ዩ። ሰላማዊ፣ ፈታዊ ሃገርን ምኽንያታውን ወለዶ ንምፍራይ ኾነ ዝተሰሓሓተ ትርኽቲ ንምእራም ድማ ምሁራን ዘለዎም ግደ ዓብዪ 'ዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ዝስትውዐል ዘይምርድዳእን ጎንፅን ዘላቒ ፍታሕ ንኽረክብ ንምግባር ኮሚሽን ምኽክር እናሰርሖ ኣብ ዝርከብ ስራሕ ምሁራን እንታይ ርኢቶ ኣለዎም? ሃገርና እናጋጠማ ዝርከብ ፀገም ንምፍታሕ ኸ ግደ ምሁራን እንታይ 'ዩ? ኣብ ዝብሉ ጉዳያት ምሁራን ርኢቶኦም ሂቦምና።

ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ፕሬዝዳንት ዩኒቨርሲቲ ወልቂጤ መለሰ ጥፉ፤ ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ካብ ዝጣየሸ ጀሚሩ ሃገራዊ ምርድዳእ ንምምፃእ ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ ሰሪሑ፤ ሕዚ 'ውን እናሰርሐ ይርከብ፤ ጎንፅን ዘይምርድዳእን እናምፅኡ ዝርከቡ ጉዳያት ነቒስካ ንምውፃእ ናብ ታሕቲ ብምውራድ ምስ ማሕበረሰብ እናገበሮ ዝርከብ ምይይጥ ዝተባባዕ 'ዩ ይብሉ።

እቲ ኮሚሽን ንሰላምን ልምዓትን ሃገር ዕንቅፋት ዝኾኑ ፀገማት ነቒስካ ንምውፃእን ሰላም ንምምፃእን ምስ ምሁራን ዩኒቨርሲቲ፣ መምህራን፣ ሰራሕተኛታት፣ ተምሃሮን ማሕበረሰብን ብርክት ዝበሉ ምይይጣት ገይሩ 'ዩ፤ እቶም ምይይጣት 'ውን ቐዲሞም ዝነበሩ ኣሉታዊ ትርኽትታት ብምእራም ኣብ ሓባራዊ ምርድዳእ ንምብፃሕ ዘኽእል ምዃኑ ይገልፁ።

ብብርኪ ሃገር ዝግበር ምኽክር ብርክት ዝበሉ ፀገማት ናብ ሓደ ኣምፂኡ፤ ሓባራዊ ኣጀንዳ ንምሕንፃፅ፣ ፀገማት ብሓባር ንምፍታሕ የኽእል፤ ፅቡቕ ውፅኢት 'ውን የምፅእ ኢሎም።

ምኽክር ሓባራዊ ፀገም ናብ ሓባራዊ ሃፍቲ ንምምፃእን ንዕንቅፋታት ሓባራዊ ፍታሕ ብምሃብ ብሰላምን ሓድነትን ንምንባር ዓብዪ ጥቕሚ ኣለዎ ዝብሉ እቶም ምሁር፤ ሓባራዊ ፍታሕ ንምምፃእ 'ውን ኣብ ኢትዮጵያ ምኽክር እናተገበረ 'ዩ ክብሉ ይዛረቡ።

ሃገራዊ ምርድዳእ ንምምፃእ ምሁራንን መምህራንን ኣፈላላይ ዘምፅኡ ነገራት እንታይ 'ዮም ኢሎም ሰፊሕ መፅናዕቲ ምግባር፣ ኣፈላላያት ሰፊሖም ፀገማት ከይጋደዱ ፍታሕ ናይ ምሃብ ሓላፍነት ኣለዎም ዝበሉ ኣይተ መለሰ፤ ምሁራን ወለዶ ብስነ-ምግባር ብምህናፅ፤ ንማሕበረሰብ ብፅቡቕ ምግልጋልን ምርምር ብምስራሕን ነቲ ምኽክር ጋህዲ ናይ ምግባር ግደኦም ልዑል ምዃኑ ገሊፆም።

ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ዋና ዳይሬክተር ኮሌጅ ሳይንስ ሕክምና ጥዕና ዩኒቨርሲቲ ዋቸሞ መለሰ ኣምሸጎ ብወገኖም፤ እቲ ኮሚሽን እናሰርሖዝርከብ ስራሕ ሓድነት ኢትዮጵያ ንምምፃእ ተስፋ ዝህብ 'ዩ። እቲ ሃገራዊ ምኽክር ተጠናኺሩ እንተቐፂሉ እቲ ናይ ቐደም ሓድነት ህዝቢ ተመሊሱ ክመፅእ 'ዩ፤ ባህልን ሃይማኖትን ኣኽቢርና እንተኸይድና ኢትዮጵያዊ ሓድነትና ምምፃእ ንኽእል ኢና፤ ሓድነት ንምምፃእ እናተገበረ ዝርከብ ምኽክር ዝበረታታዕን ሰናይ ውፅኢት ንምርካብ ተስፋ ዝህብን 'ዩ ይብሉ።

እቲ ኮሚሽን ምኽክር እናሰርሖ ዝርከብ ስራሕ ባህሊ ምስ ባህሊ፣ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ኣተዓሪቑ ዘላቒ ሰላም ንምምፃእ ዘኽእል ምዃኑ ገሊፁ፤ ነዚ ንምስኻዕ ምሁራን ዘለዎም ግደ ልዑል 'ዩ፤ ሃገርና እናጋጠሙዋ ንዝርከቡ ፀገማት ፈቲሒካ ሓድነት ንምምፃእ ተምሃሮ ሃገራዊ ፍቕሪ ንክህልዎም ገይርካ ምምሃር፤ ንህዝቢ ብሓድነትን ማዕርነትን ዝመርሕ ወለዶ ናይ ምፍራይ፣ ፀገማት ብምርምር ናይ ምፍላይ፣ ንዝተፈለዩ ፀገማት ዘየዳግም ፍታሕ ናይ ምሃብ ግቡእ ኣለዎም ክብሉ ይሕብሩ።

ሃገር ዝመርሕ ምሁር 'ዩ። ሃገር ዝመርሕ ምሁር ዝወፅእ ካብ ዩኒቨርሲቲ 'ዩ። ካብዚ ብምብጋስ ምሁራን ዩኒቨርስቲ ተምሃሮ ሃገር ዝፈትዉ ጥዑያት ዜጋታት ኾይኖም ንኽወፁ ናይ ምግባር ግደኦም ክዋፅኡ ይግባእ ኢሎም።

ኣብ ሃገርና ዘላቒ ሰላም ንምዕሳል ምምይያጥ፣ ምምኽኻር፣ ሓሳብ ምልውዋጥን ኣብ ሓባራዊ ምርድዳእ ምብፃሕን ኣድላዪ 'ዩ። ኣብ ሓባራዊ ምርድዳእ ንምብፃሕ 'ውን እቲ ኮሚሽን ምኽክር እናሰርሖ ዝርከብ ስራሕ ዝተባባዕ 'ዩ ክብላ መምህር ዩኒቨርሲቲ ጅግጅጋ ፈሪያ ሃሰን(ዶ/ር) ይዛረባ።

ዜጋታት ብፍቕርን ሓድነትን ንኽነብሩ ንምግባር ግደ ምሁራን ዝለዓለ 'ዩ፤ ንሕና ምሁራን ናብ ጎንፂ ዘሳጥሑና ዘይምርድዳኣት ብምፍላይ ነቶም ፀገማት መፍትሒ ናይ ምሃብ ሓላፍነት ኣለና፤ ነዚ ሓላፍነትና ክንዋፃእ ይግባእ ክብላ ገሊፀን።

ሃገራዊ ሓድነት ንምምፃእ ጎንፂ ዘለዎም ክልላት ኣብቲ ምኽክር ናይ ምክታትን ምስታፍን ስራሕ ክስራሕ ይግባእ፤ ንዅሉ ዘሳተፈ ምኽክር ብምግባር ንሃገር ናብ ሓድነት ናይ ምምፃእ ስራሕ ምስራሕ ኣድላዪ ምዃኑ ሓቢረን።

ሃገራዊ ምርድዳእ ንምምፃእ ምሁራን ተምሃሮ ናይ ምምሃር፣ ናይ ሓሳብን ልምድን ልውውጥን ናይ ምግባር ግደኦም ናይ ምፅዋት፣ ኣቦታት ሃይማኖት ምእመናን ናይ ምምሃር ኸምኡ 'ውን ካብ ብሄር ብሄረሰባት ንዝተውፃእፅኡ ማሕበረሰባት ብዛዕባ ሰላም ብምስልጣን በቢ ኸባቢኦም ንዝርከቡ ሰባት ንኽምህሩ ናይ ምግባር ሰራሕ ክንሰርሕ ይግባእ ክብላ የመላኽታ።

ሃገራዊ ምኽክራት ብምግባር ሰብ ዋና ሓዱሽ ዝዓበየን ዝተለወጠን ስርዓት ንምዃን ኣብ መንጎ ዜጋታት ዝሓሸ ማሕበራዊ ርክብ ንኽህልው ምቹው ኩነታት ንምፍጣር፤ ኸምኡ 'ውን ጎንፅታት ብዘላቕነት ንምፍታሕን ምይይጥ ባህሊ ዝገበረ ኣፈታትሓ ፀገም ንኽምዕብል ምሁራን ጉሉህ ብፅሒት ኣለዎም። ነዚ ግደኦም እንተተዋፂኦም 'ውን ዝድለ ዘላቒ ሰላምን ልምዓትን ምምፃእ ቐሊል ከምዝኸውን ብዙሓት ይስማዕምዑ።

## ምምሕዳር. . .

ሓደሽቲ ምንቅስቃስ ስራሕ ዝጀመሩ ከምዝኾኑ ዝብርሁ ኣይተ ሓዱሽ፤ ብሓፈሻ ብግዝያዊ፣ ብቀዋሚን ብእንተርፐራይዝን ዝተፈጠረ ዕድል ስራሕ ናብ 519 ዝኣክል ከምዝኾነ ተዛሪቦም።

ኣብ ቀፃሊ ስራሕ ዝፍጠረሎም ኣካላት ኣብ ንግድን ማኒፋክቸራትን ዘተወደቡ ማሕበራት ንመስርሒ ዝኸውን መሬት ከምዝዕደሉን ብተወሳኺ ነቲ ነባሪ ማሕበረሰብ 'ውን ንመንበሪ ዝኸውን መሬት ክዕደል ከምዝግበር ኣይተ ሓዱሽ ሓቢሮም።

እዚ እንትንስራሕ ካብ መንግስቲ ዝልቀቅ እኹል በጀት ዘይምህላው፣ መሃያ ስቪል ሰርቫንት ናይ ሸውዓተ ወርሒ ጥርሕ ዘሎ ምዃኑ ዘጋጥሙ ፈተናታት ከምዘለው ዝገለፁ ኣይተ ሓዱሽ፤ ይኹን እምበር እዚ ንምቕራፍ ኣብ ከባቢኦም ዘለው ነጋዶ ብምልዕዓል፣ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ሃፍተ ገነት ብምጥቃም ናይ ባዕልና እቶት ብናይ ባዕልና ሰራሕተኛ ብዝብል ምንቕስቃስ ሰራሕቲ ከምዝተጀመሩ ኣብሪሆም።

ከም ገለፃ ኣይተ ሓዱሽ፤ ኣብ 2017 ዓ.ም ከነዕውቶም ኢልና ካብ ዝሓዝናዮም ትልምታት ውሽጢ ካብ ዝበለዎም ስራሕቲ መሰረተ ልምዓት፣ ስራሕቲ ኣስፓልቲ፣ ምስፍሕፋሕ መልከዐኛ እምኒን ምስፍሕፋሕ መሰረተ ልማዓት ማይ፣ መብራህቲ 'ዩ ብምባል ስራሕቲ ኣስፓልት ምስ ሱር ኮንስተራክሽን ውዕል ተኣሲሩ ስራሕ ተጀሚሩ ኣሎ።

# ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ኣብ ምንታይ ኩነታት ኣሎ?

**በሪሁ ኣረጋን መኣርግ ገ/ሄርን**

ሓተታ-ዜና ኣብዛ ሃገር ፖለቲካዊ ኩነታት እናኸፍአ መፂኡ ኣብ መንጎ ህዝቢታት ጎንፂ ተፈጢሩ ቖሊል ዘይበሃል ክሳራታት ኣጋጢሙ ‘ዩ፡፡ መንግስቲ ነዚ ንምፍታሕ ሃገራዊ ምኽክር ኣጣይሹ ናብ ስራሕ ካብዝኣቱ ብርክት ዝበሉ ኣዋርሕ ኣቑፂሩ ኣሎ፡፡ ብመሰረት ዝተተሓዘ ትልሚ ድማ ኣብ መብዛሕትኦን ክልላት ሃገርና ኣጀንዳ ናይ ምትእኽኻብ ስራሕቲ እናተዛዘመ ይርከብ፡፡ ኣብ ክልል ትግራይ ‘ውን ከይዲ ሃገራዊ ምኽክር ንምጅማር ኣብቲ ክልል ምስ ዝርከቡ ኣማራርሓታትን ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲን ዝርርብ ከምዝተጀመረ ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ገሊፁ ‘ዩ፡፡ ከምኡ ‘ውን ኣብ ክልል ኣምሓራ ንምክያድ ኣብ ከይዲ ይርከብ፡፡

ብደረጃ ሃገር ከይዲ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ ምኽክር ኣብ 615 ወረዳታት ከምዝተዛዘመ ዋና ኮሚሽነር ሃገራዊ ኮሚሽን ምኽክር ኢትዮጵያ ፕሮፌሰር መስፍን ኣርኣያ ገሊፆም ‘ዮም።

እዙይ ዝተባህለ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ኣብ 5ይ ስሩዕ ኣኼባ ኮሙሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ናይ ሰለስተ ኣዋርሕ ኣፋፃፅማ ስራሕ ሪፖርት ኣብዝገምገመሉ ‘ዩ፡፡

ዋና ኮሙሽነር እቲ ኮሙሽን ፕሮፌሰር መስፍን ኣርኣያ፤ ከይዲ እቲ ምኽክር ዝበፅሖን ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ኣዋርሕ ዝተሳለጡ ቐንዲ ቀንዲ ተግባራት ብዝርዝር ነቲ ቤት ምኽሪ ሪፖርት ዝገበሩ እንትኾኑ እቲ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ ኣብ 9 ክልላትን ክልተ ምምሕዳርን ኣብ 615 ወረዳታት ሙሉእ ንሙሉእ ምዝዛሙ ኣብ ሪፖርተኦም ኣማላኺቶም ‘ዮም፡፡

ሸኾኣፈ ጉባኤ ተወከልቲ ቤት ምኽሪ ኣይተ ታገሰ ጫፎ ብወገኖም፤ እቲ ከይዲ ሃገራዊ ምኽክር ብዕውት መልክዑ ክቕፅልን ዝድለ ውፅኢት ክመፅእን ኩሉ ብቕንዕናን ብንቕሓትን ክሳተፍ ኣብቲ እዋን ኣገንዚቦም ‘ዮም፡፡

ብተማሳሊ ኣብዚ ሰሙን ቅድሚ እዚ ሪፖርት እቲ ኮሚሽን በዓል ዋና ሃገራዊ ምኽክር መን ‘ዩ? ብዝብል ርእሲ መልእኽቲ ዘሕለፈ ኮይኑ በዚ ‘ውን ሰብ ዋና ኸይዲ ሃገራዊ ምኽክር ህዝቢ፣ ዝተፈላለዩ ማሕበራትን ትካላትን ንክኾኑ ዛጊድ ዝነበረ ኸይዲ ጥንኩር መሰረት ከምዘንበረ እቲ ኮሚሽን ገሊፁ ‘ዩ።



ሃገራዊ ምኽክር ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ሃገር ኣብ መንጎ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት፣ መንግስትን ፖለቲካዊ ሓይልታትን ንዝተፈጠሩ ኣፈላላያት ሓሳብ ብምይይጥ ፍታሕ ንምድላይ ዝካየድ ኸይዲ ምዃኑ ብምግላፅ፤ እቲ ኸይዲ ኣብ መንጎ መራሕቲ ሓሳብ፣ ፈፀምቲ ፖለቲካ ኸምኡ ‘ውን ኻልኦት መዳርግቲ ኣካላት ምርድዳእ ንምዕሳል የኽእል ተባሂሉ ከምዝእመን ሓቢሩ ‘ዩ።

ኸይዲ ሃገራዊ ምኽክር ዘተሓባብርን ነቲ ኸይዲ ላዕለዋይ ኾይኑ ዝመርሕን ገለልተኛ ኣካል ምህላዉ ከምዘሎ ኾይኑ በዓል ዋና እቲ ኸይዲ መን ‘ዩ ዝብል ሕቶ ምልዓል ኣድላዪ ምዃኑ ‘ውን ኣልዒሉ ‘ዩ።

ኣብ መእተዊ ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ዝተጣየሸሉ ኣዋጅ፤ ሃገራዊ ምኽክራት ተቐባልነትን ተኣማንነትን ዘለዎም ንክኾኑ ካብ መንጎ ዘኽእልዎም ጉዳያት እቲ ሓደ ነቶም ምኽክራት ዘመቻችውን ዝመርሕን ኣካል ብቕዓትን ገለልተኛነትን ምዃኑ ‘ዩ ዛማላኸት ።

ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ዝካየድ ኸይዲ ምኽክር ናፃን ገለልተኛን ብዝኾነ ኣካል ምምርሑ ኣድላዪ ኾይኑ ስለዝተረኸበን ነዚ ‘ውን ብምልዕዓል መንግስቲ ካብ ህዝቢ ብዝእከብ መዋእለ-ንዋይ ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ብቑፅሪ ኣዋጅ 1265/2014 ኣጣይሹ ከምዘሎ ተገሊፁ ‘ዩ፡፡

እዚ ‘ውን መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ፣ መንግስቲ፣ መራሕቲ ፖለቲካን ሓሳብን ኸምኡ ‘ውን ብዝተፈላለየ ብርኪ ክግለፁ ዝኽእሉ መራሕቲ ማሕበረሰብ ሰብ ዋና እቲ ጉዳይ ንክኾኑ ይገብሮም ክብል ብምግላፅ፤ እቲ ኮሚሽን ተጣይሹ ናብ ስራሕ ካብ ዝኣተወሉ ግዜ ጀሚሩ ኣሳታፋይነትን ሓቋፋይነትን ቐዳሞት መትከላቱ ብምግባር ዝተፈላለዩ ተሳተፍቲ ብውክልና እናሳተፈ ከምዝርከብ ‘ዩ ዘፍልጥ።

ብመንፅር እዚ እቲ ኮሚሽን ኣብ ኸይዲ ምትእኽካብ ኣጀንዳ ዝሳተፉ ተሳተፍቲ ካብ በቢሕብረተሰብ ክፍሉ እናመረፀን ኣጀንዳ ካብ ዝተፈላለዩ መዳርግቲ ኣካላት እናተኣኻኸበን ተሳትፎን ውክልናን ብዙሓት ኣካላት ብምርግጋፅ ከምዝኾነ ልቢ ክበሃል ይግባእ ክብል እቲ ኮሚሽን የማላኽት።

እቲ ኸይዲ ህዝቢ ካብ ዝርከበሉ ፈላማይ ወይ ቀዳማይ ኣሃድ ክፍልታት ሕብረተሰብ፤ ብብርኪ ክልል ዝተዋቐሩ ማሕበራት፣ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት፣ ፖለቲካዊ ፓርትታትን ሲቪክ ማሕበራትን ዘሳተፈ ንክኸውን ከምዝተቐረፀ ‘ዩ ዝሕብር፡፡

ነዚ ስዒቡ ሰብ ዋና እቲ ኸይዲ ህዝቢ፣ ዝተፈላለዩ ማሕበራትን ትካላትን ንክኾኑ እቲ ኸይዲ ጥንኩር መሰረት ከምዘንበረ ብምፍላጥ፤ ኸይዲ ሃገራዊ ምኽክር ከዐውቶ ደው ዝበለሉ ዕላማ ዘለዎን እቲ ኮሚሽን ኸይዲ እቲ ምኽክር ዝተፈላለዩ ውፅኢታት ብቐጥታ ኾነ ብተዘዋዋሪ ከርክብ ከምዝኽእል ትፅቢት ዝግበር እንተኾነ ‘ውን ጥሙር ዕላምኡ ሃገራዊ ምርድዳእ ምዕሳል ‘ዩ ክብል ይግልፅ እቲ ኮሚሽን።

በዚ መሰረት ውፅኢታት ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ንሃገራዊ ፀገማት ዘላቒ መፍትሒ ሓሳባት ኣብ ምፍልፋል መዳይ ዓብዩ ተራ ከምዝህልዎም ገሊፁ፤ ናይዚ ቐንዲ ተጠቃሚ ‘ውን ህዝቢ ሃገርና ኢትዮጵያ ‘ዩ ዝበለ እቲ ኮሚሽን እዚ ‘ውን ንህዝቢ ግንባር ቐደም በዓል ዋና ንክኸውን ይገብሮ ይብል።

ብርክት ዝበሉ መዳርግቲ ኣካላት ኣብቲ ኸይዲ እናተሳተፉ ሰብ ዋንነቶም እንተጠናኸሩ እቲ ኸይዲ ‘ውን ምሉእ፣እናኾነ ዝተፈላለዩ ፈተናታት ክፃወር ከምዝኽእል ዝገልፅ እቲ መልእኽቲ፤ ኣብዚ ኸይዲ እቲ ኮሚሽን ኣብ ጉዳይ ሃገር ይምልከተኒ ‘ዩ ንዝብል ዝኾነ ውልቀሰብ፣ ጉጅለ፣ ማሕበር ወይ ትካል ድምፁ ንምስማዕ ኢሉ ‘ውን ንምኽታት ከምዝሰርሕ ኣፍሊጡ ‘ዩ።

እቲ ኮሚሽን ኹሉ ኣካል ብመንፈስ በዓል ዋናነት ብምልዕዓል ንሃገራዊ ምርድዳእ ዝበፅሖ ኣበርክቶ ንኽገብር ፃውዒት ኣቕሪቡ ‘ዩ።



ኢ.ያሱ ኣብርሃ

## ካብ ምህርቲ ዓሳ ዝርከብ ረብሓ ንምዕባይ ዘኽእሉ ስራሕቲ እናተሰርሑ ‘ዮም

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ መፍረያይነት ሃፍቲ ዓሳ ንምዕባይ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ይሰርሑ ከምዘለዉ ኢንስቲትዩት ምርምር ሕርሻ እቲ ክልል ሓቢሩ።

ሓላፊ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ኢ.ያሱ ኣብርሃ (ዶ/ር) ንግዜኢ ከምዝበልዎ፤ ኣብቲ ክልል ዘሎ ሃፍቲ ዓሳ፣ ደርሆ፣ ንህቢን ትሩፋት ሌማትን ዕዉት ንምግባር ዝለዓለ ኣበርክቶ ስለዘለዎ ግዝያዊ ምምሕዳር ይሰርሓሎም ኣሎ።

ኣብቲ ክልል ኣብ ልምዓት ደርሆን ምርባሕ ንህቢን ዝተጀመሩ ውፅኢታዊ ስራሕቲ ብምቕፃል ሃፍቲ ዓሳ ኣብ ረብሓ ንምውዓል ስራሕቲ ይካየድ ከምዘሎ ገሊፆም።

ኣብዚ ዓመት ብሰፊሑ ኣብ ሰለስተ ቀላያትን ግድባትን ምህርቲ ዓሳ ንምጅማር ፀጋታት መዝሐሊ ዝተገጠመሎም ዘመናዊ መትሓዚ ዓሳ ተሸከርከርቲን ማእኸላት መፅንሒን ይሰራሕ ከምዘሎ ሓቢሮም።

ብተወሳኺ ዓሳን ንህቢን ሓዊሱ ኣብቲ ክልል ዘሎ ልምዓት ሃፍቲ እንስሳታት ብቴክኖሎጂ ብምድጋፍ ከም ሃገር ዝተተለመ ቱሩፋት ሌማት ዕዉት ንምግባር ከምዝሰራሕ ዶክተር ኢያሱ ኣመልኪቶም።

## ኣብ ክልቲኦም. . .

መሓመድ ዓሊ፣ ንሰላም ክንሰርሕ፣ ፀገማትና ብሰላም ክንፈትሕ፣ ዝተመዛበለ ክምለስን ዝዓነው ትካላት ክህነፁን መደብ ሒዝና ክንሰርሕ ኢና ኢሎም።

ኣመሓደሪ ዞባ ደቡብ ትግራይ ኣይተ ሃፍቱ ኪሮስ፤ መሰረት ሰላም ህዝብታት ‘ዮም ብምባል፣ ብብርኪ መሪሕነት ዝተጀመረ ርክብ ናብ መሬት ብምውራድ ርክብ ህዝቢ ንህዝቢ ንምጥንኻር ከምዝሰራሕ ኣመላኺቶም።

ተሳተፍቲ እቲ መድረኽ ብወገኖም ክልቲኦም ህዝብታት ቅድሚ ኩናት ከም ሓደ ስድራ ዝነብሩ ዝነበሩ ህዝብታት ምዃኖም ብምሕባር፤ ዝነበረ ዝምድና ናብ ንቡር ንምምላስ እቶም ዝካየዱ ዘለው መድረኻት ናብ መሬት ክወርዱን ዘላቒ ሰላም ንምንጋስ ዝተጀመረ ስራሕ ክጠናኸርን ኣመላኺቶም።

ክልቲኡ ህዝብታት ዘራኽቡ ዘይተኸፈቱ መንገድታት ክኽፈቱ፣ዝተመዛበሉ ወገናት ክምለሱን ርክብ ህዝቢ ንህዝቢ ኣብ ሓፂር ግዜ ክጅመርን ከምዝግባእ ‘ውን ገሊፆም።

# ኢትዮ ቴሌኮም ግልጋሎት ሕትመት ዲጅታል መለለዪ መንነት ምሃብ ጀሚሩ

**ኣብረሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ፡-ኢትዮ ቴሌኮም ግልጋሎት ብሄራዊ ዲጅታል ሕትመት መለለዪ መንነት ምሃብ ምጅማሩ ኣፍሊጡ።

እቶም ግልጋሎት ሕትመት ዲጅታል መለለዪ መንነት ዝጠልቡ ደንበኞታት ሕቶኦም ብቴሌብር ሱፐርኣፕ ብኦንላይን ኣቢሎም ክፍሊት ብምፈፃም፤ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከባቢ ብዝርከቡ 63 ማእኸላት መውሃቢ ግልጋሎት ኣቢሎም እቲ ዝተሓተመ መለለዪ መንነቶም ክርከቡ ከምዝኽእሉ እቲ ትካል ኣፍሊጡ።

ብቴሌብር ሱፐርአፕ ብሄራዊ ዲጂታል መለለዪ መንነት መተግበሪ ሕትመት ካርድ ወይ ኣብ ድረ ገፅ https://tele-print.fayda.et/ ብምእታው፤ ተለዋጢ ቁፕሪ ፋይዳ (FAN) ብምእታው፣ ብዝልኣኽ መረጋገፂ ሓፂር መፍለይ ፅሑፍ ኮድ ብምእታው፣ ቅልጡፍ ኣገልግሎት፣ ካርዲ ዝርከብሉ እዋንን ቦታን ከምድልቶም ምምራፅ ከምዝኽእሉ ተገሊፁ፡፡

ክፍሊት ኣገልግሎት ብዝምልከት ደንበኛታት ብዝተፈላለየ ቅልጣፈ እቲ ሕትመት ዝበፅሐሉ ኣማራፂታት፤ ማለት ‘ውን መደበኛ ኣብ 7 ናይ ሰራሕ መዓልታት ዝበፅሕ ብ(345 ብር)፣ ለፕሪሚየም ኣብ 2 ናይ ሰራሕ መዓልታት ዝበፅሕ ድማ ብ(600 ብር)ን ንኤክስፕረስ ቅልጡፍ ድማ ብ(800 ብር) በቀሊሉ ብቴሌብር ፍሊት ብምፍፃም ነቲ ኣግልግሎት ምርካብ ከምዝኽእሉ ተሓቢሩ፡፡

ፋይዳ ዲጂታል መለለዪ መንነት፤ ብብሄራዊ ፕሮግራም መለለዪ መንነት ዝተቐመጠ ቅድመ ኩነት ዘማልእ ዝኾነ ነባሪ እታ ሃገር ዝወሃብ ፍሉይ 12 ኣሃዝ ዘለዎ መለለዪ ቁፅሪ ኮይኑ፤ ፋይዳ ቁፅሪ/ዲጂታል መለለዪ/ ዝሓዙ ነበርቲ ኣብታ ሃገር መንነት ብምርግጋፅ ዝኾነ ይኹን ኣገልግሎት ክረኽብ ዘኽእል ምዃኑ ብሰብ ሞያ ይግለፅ።

ሓደ ነባሪ ኣብ ፋይዳ ዲጂታል መታወቅያ ምስ ተመዝገበ ብ3 ዝተፈላለየ መንገዲ መፍለዪ መንነት ከም ዝረክብ ዝፍለጥ ኮይኑ፤ እዚ ድማ ኢ-ፋይዳ፡ ፎርም ዳውንሎድ ተገይሩ ክትሕተም እትኽእል ናይ ወረቐት ዓይነት መለለዪ መንነትን ኣብ ውሽጢ ቴሌብር ሱፐር ኣፕሊኬሽን ካብ ዝርከብ ብሄራዊ መፍለዪ መንነት ኣፕ ምርካብ ይከኣል ‘ዩ፡፡




ካልኣይ ፋይዳ ብዲጂታል ኮፒ፡ ናይ ፋይዳ መፍለይኦም ናይ ድጅታል ኮፒ ኣብ betelebirr ኣብ ብሄራዊ መታወቅያ (ፋይዳ) ኣብ ሚኒ ኣፕሊኬሽን ናይ ፋይዳ ፍሉይ ቁጽሮም (FIN) ብምእታው ክርከብ ከምእክኣልን ሳለሳይ ድማ መለለዪ መንነት ፋይዳ ዲጂታል ብመልክዕ ካርድ ብምሕታም ምሓዝ ከምዝክኣል ካብ ፕሮግራም ብሄራዊ ዲጂታል መለለዪመንነት ዝተረኸበ ሓበሬታ የመላኽት።



# ስፖርት



## ሲምቦ ኣለማየሁ - ሕፁይ መንእሰይ ኣትሌት እዚ ዓመት

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣትሌቲክስ ዓለም ብዝተፈላለዩ ዘፈራት ምሩፃት ኣትሌታት እዚ ዓመት ናይ መወዳእታ ኽልተ ሕፁያት ዕላዊ እንትገብር ነቲ ሻምፒዮን ማራቶን ኦሎምፒክ ታምራት ቶላ ኣብ ዘፈር ውድድራት ካብ ገዛ ወፃኢ ከምዘካተቶ ዝፍለጥ ‘ዩ። ኣትሌቲክስ ዓለም ቕድሚ መዓልትታት ናይዚ ዓመት ኮኾብ መናእሰይ ኣትሌታት (ትሕቲ 20 ዓመት) ናይ መወዳእታ ሰለስተ ሕፁያት ዕላዊ እንትገብር ኢትዮጵያዊት ኣትሌት ሲምቦ ኣለማየሁ እታ ሓንቲ ኾይና።

ኣብ 2024 ናይ ውድድር ዓመት ኣብ ኦሎምፒክ ፓሪስ፣ ሻምፒዮና ውሽጢ ገዛ ዓለም፣ ሻምፒዮና ትሕቲ 20 ዓመት ዓለም፣ ሃገር ኣቋራጭ ሻምፒዮና ዓለምን ኻልኦት ውልቃዊ ውድድራትን ዘደንቕ ብቕዓት ከርእዩ ዝኸኣሉ ዕድመኦም ትሕቲ 20 ዓመት ዝኾኑ ኣትሌታት ሕፁያት ኾይኖም ምቕራቦም ኣትሌቲክስ ዓለም ኣፍሊጡ።

ብደቂ ኣንስትዮ ካብተን ናይ መወዳእታ ሰለስተ ሕፁያት እታ ሓንቲ ንምኳን ዝኸኣለት መንእሰይ ኣትሌት ሲምቦ ኣለማየሁ፣ ኣብ ሻምፒዮና ትሕቲ 20 ዓመት ዓለም ብ3ሽሕ ሜትር መሰናኽል ከምዝተዓወተት ዝዝከር እንትኸውን፣ ኣብ 2024 ኦሎምፒክ ፓሪስ ‘ውን ብተመሳሳሊ ርሕቐት ብዘገርም ንሕንሕ ሓምሻይ ደረጃ ሒዛ ‘ያ ዛዚማ። እዚ ‘ውን ናይቲ ውድድር ዓመት ዓወታ ብመንፅር ዕድመ ናይዚ ዓመት ኮኾብ መንእሰይ ኣትሌት ሽልማት ንምዕዋት ሕፁይቲ ንክትኸውን ገይሩዋ።

ሲምቦ ከም ብዙሓት ከዋኽብቲ ኣትሌታት ናይ ኣትሌቲክስ ህይወት ዝጀመረቶ ተምሃሪት ቀዳማይ ብርኪ እናሃለወት ‘ዩ። ነዚ ‘ውን ብብርኪ ፕሮፌሽናል ልምምዳት ጉያ ትሰርሕ ዝነበረት ዓባይ ሓፍታ ኸምኡ ‘ውን ናይ ብቕዓት ኣካል መምህራ የተባብዑዋ ከምዝነበሩ ንኣትሌቲክስ ዓለም ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ዝሃበቶ ቓለ ምልልስ ተዛሪባ።

ሲምቦ ኣትሌቲክስ እንትጅምር ስድራቤታ ካብ ስፖርት ንላዕሊ ኣብ ትምህርታ ጥራሕ ንኽተድህብ ‘ዩ ነይሩ ድልየቶም። ኣቦኣ ግና ብዝተፈለየ ኹነታት ኣብ ናይ ኣትሌቲክስ ህይወታ ንኽትነጥፍ ይሕግዝዋ ነይሮም። “ኣቦይ ኣትሌት ንክኸውን ዝተፈለየ ድልየት ነይሩዎ፣ እዚ ድልየቱ ምናልባት ቆልዓ እናሃለኹ ቕልጡፍቲ ስለዝነበርኩ ካብኡ ዝተልዓለ ‘ዩ ዝኸውን፣ ናብ ዝኾነ ቦታ እንትልእኸኒ ቐልጢፈ ‘የ ስርሐይ ዝውድእ፣ ኣብ ልዕሊ እዚ ድማ ኣትሌት ናይ ምኳን ድልየተይ ዝተረድአ ይመስለኒ” ትብል።

ተወሊዳ ዝዓበየት ሳሙኤል ተፈራ፣ ኮረኒ ጀሊላ፣ ሹራ ቂጣታን ኻልኦት ኣትሌታትን ኣብ ዝፈለቑሉ ምዕራብ ሸዋ ‘ዩ። ናብ ኣትሌቲክስ ህይወት ንኽትኣትው ምኽንያት ዝኾነታ ግና ካብ ቈልዕነት ጀሚሩ እንትጎይይ እናረኣየታ ዝዓበየት ጅግና ኣትሌት ደራርቱ ቱሉ ‘ያ። “ኣቦይ ኣትሌቲክስ ንኽየቋርፅ ከበረታትዐኒ ዝኸኣለ ብምኽንያት ኣትሌት ደራርቱ ‘ዩ፣ ምኽንያቱ ‘ውን እሳ ከም ሃገር ሓበን ካብ ምኳና ብተወሳኺ ንብዙሓት ንኽለዓዓሉ ምኽንያት ‘ያ፣ ካብ ቁልዕነተይ ጀሚሩ ይፈትዋ ‘የ፣ ተምሃሪት 5ይ ክፍሊ እናሃለኹ ናታ ፎቶግራፍ ኣብ ውሽጢ ደብተረይ ኣይጠፍእን ነይሩ” ብምባል ሲምቦ ትዛረብ።

ሲምቦ ካብ ኻልኦት ውድድራት መም ንላዕሊ ነቲ ፈታኒ 3ሽሕ ሜትር መሰናኽል ምምራፃ ንዓርሳ ብፈተንቲ ነገራት ንምፍታን ካብ ዘለዋ ድልየት ዝነቐለ ምኳኑ ተረድእ። “ፈተንቲ ነገራት ምፍታን ይፈትው ‘የ፣ ነዚ ‘ውን ምስ ኣወዳት ከይተረፈ እናተወዳደርኩ ይስዕር ነይረ፣ ፈረስ ‘ውን ይጋልብ ነይረ፣ ነዚ ‘ውን ይመስለኒ ካብ ቁልዕነተይ ጀሚሩ ጠንካራ ዝነበርኩ” ትብል። ኣሰልጣኒ ሲምቦ ብርሃኑ መኮንን እንትዛረብ ‘ውን “እሳ ብተፈጥሮ ጥንኩርትን ሰዓሪትን ‘ያ፣ ካብቲ ናይ መጀመርታ ዓለም ለኻዊ ውድድራ ጀሚሩ ዝመፅኣትሉ መገዲ ‘ውን ነዚ የረጋግፅ፣ ገና ንቐፃሊ ‘ውን ብዙሓት ዓወታት ከህልዉዋ ‘ዮም” ብምባል ቕድሚ ዓመት ንኣትሌቲክስ ዓለም ርኢቶኡ ሂቡ።

ሕፁይቲ ኾይና ዝቐረበት ኻልኣይቲ ኣትሌት ሰርቢያዊት ተወዳዳሪት ዝላ ኣንጀሊና ቶፒክ ‘ያ። እታ መንእሰይ ኣትሌት ኣብ ሻምፒዮና ኣትሌቲክስ ትሕቲ 20 ዓመት ዓለም ዝላ ተዓዋቲት ወርቂ ሜዳልያ እንትኸውን፣ ኣብ ኦሎምፒክ ፓሪስ ናይ ፍፃመ ተወዳዳሪትን ሻምፒዮና ውሽጢ ገዛ ዓለም ሓምሻይ ደረጃ ሒዛ ዛዚማ።

ሳልሰይቲ ሕፁይቲ ቻይናዊት ተወዳዳሪት ምድርባይ ጦር ያን ዚዩ እንትኸውን፣ ወርቂ ሜዳልያ ሻምፒዮና ትሕቲ 20 ዓመት ዓለም ካብ ምስዓራ ብተወሳኺ ኽብረወሰን ምድርባይ ጦር ትሕቲ 20 ዓመት ዓለም ክትሰብር ኽኢላ ‘ያ። እዚ ‘ውን ኽብረወሰና ብመንፅር ኽልቲኦን ተነሓናሕታ ኣብቲ ዓመት ውድድር ዝሓሸት ዕዉትቲ መንእሰይ ኣትሌት ኾይና ነቲ ሽልማት ንምስዓር ሕፁይቲ ንክትኸውን ይገብራ።

ናይዘን ሕፁያት ኮኾብ ኣትሌታት ስነ-ስርዓት ሽልማት ኣብ ፈላማይ መዓልቲ ዝመፅእ ናይ ኣውሮፓውያን ወርሒ ኣብ ሞናኮ እንትካየድ ካብቶም ዓበይቲ ‘ውን ተዓዋታይ ዝኸውን ኣትሌት ኣብ ተመሳሳሊ መዓልቲ ከካየድ ‘ዩ።




## ምክልኻል ስርቅን ዝውውርን ሓድግታት

## መኣዲ ጥበብ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ሓድግታት ምስ ባህሊ፣ ታሪኽን መንነትን ሓደ ህዝቢ ወይ ሃገር ዝተኣሳሰረ ‘ዩ። ኣብዛ ሃገር ብፍላይ ከዓ ኣብ ትግራይ ዘለው ብዙሓት መግለፂ ባህሊ፣ ታሪኽን መንነትን ዝኾኑ ሰብ ስራሕን ተፈጥሮን ሓድግታት ከምዘለው ዝፍለጥ ‘ዩ። እዞም ሓድግታት መግለፂ መንነት እቲ ሕበረተሰብ ካብ ምኳኖም ብተወሳኺ መስሕብ ቱሪዝም፣ ሰፊሕ ስራሕ ዕድል ብምፍጣር ፍልፍል ቁጠባዊ እቶትን ከምኡ ‘ውን ኣብ ህነፀት ፅቡቕ ምስሊ እቲ ሕብረሰብን ሃገርን ዓብይ ግደ ምኧኖም ሙሁራት እቲ ዓውዲ ይገልፁ።

ብሓፈሻ ሃገርና ብፍላይ ከዓ ትግራይ ብሰብ ስራሕን ተፈጥሮኣውን ሓድግታት ሃፍታም ‘ያ ዝትብሃል እንተኾነት ‘ውን፤ እቶም ዘለው ሓድግታት ካብ ሰብ ስራሕን ተፈጥሮኣውን ሓደጋታት ብምዕቃብን ብምልላይን ካብቶም ሓድግታት ክርከብ ዝግባእ ረብሓታት ንክኽእሉ እኹል ትኹረት ተዋሂብዎ ኣብ ምስራሕ ብዙሕ ዝተርፍ ስራሕ ከምዘለዎ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ብዙሓት ሰብሞያ ይሕብሩ ‘ዮም።




ብፍላይ ብዘይሕጋዊ ዝግበር ዝውውርን ስርቅን ሓድግታት ከም ካልኦት ስርቆት ዝትክኡ ንብረታት ኣቕሊልካ ዝረኣይ ጉዳይ ኣይኮነን። ዝግበር ዘይሕጋዊ ዝውውርን ስርቅን ኣብቶም ሓድግታት ጥራሕ ደው ዝብል ዘይኮነስ፤ እቶም ሓድግታት ዝመፅእሉ ኣከባቢ ባህልን መንነትን ታሪኽን ምጥፋእ ዘኽትሉ ወንጀል ከምዝኾነ ‘ውን መበል ሓምሻይ መዓልቲ ምክልኻል ዘይሕጋዊ ዝውውር ሓድግታት ተሓሲቡ ዝውዕለሉ ምኽንያት ብምግባር በዓል መዚ ቅርስታት ኢትዮጵያ ኣብ ማሕበራዊ ድሕረ ገፁ ገሊፁ ‘ዩ።

ከም ሓበሬታ በዓል መዚ ቅርስታት ኢትዮጵያ፤ ዓለም ለኸ ትካል ባህልን ትምህርትን ዩኔስኮ በቢዓመቱ ኖቬምበር 14 ወይ (ሕዳር 5) መዓልቲ ምክልኻል ብዘይሕጋዊ መንገዲ ዝግበሩ ዝውውር ሓድግታት ገይሩ ምኽባር ካብ ዝጀምር ሓሙሽተ ዓመት ኣቑፂሩ ‘ዩ። ትካል ዩኔስኮ ነዚ ዘይሕጋዊ ተግባር ንክልኻል ብ2019 ከም ኣቆፃፅራ ፈረንጂ ኣብ ዘካየዶ መበል 40 ሓፈሻዊ ጉባኤኡ ኖቬምበር 14 (ሕዳር 5) ዘይሕጋዊ ዝውውር ሓድግታት ንምክልኻል ዓለምለኸ መዓልቲ ገይሩ መሪፁ ‘ዩ። ናይ ሎሚ ዓመት መዓልቲ ምክልኻል ዘይሕጋዊ ዝውውር ሓድግታት “ ሓድግታትና መግለፂ መንነትና ብምኳኖም ንዘይሕጋዊ ዝውውር ሓድግታት ከይጋለፁ ንሓልዎም “ ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ተሓሲቡ ውዒሉ ‘ዩ፡፡

ዘይሕጋዊ ዝውውር ማለት፤ ሓድግታት ብስርቆት ብዕድጊት ወይ ሕጊ ካብ ዝእዝዞ ወፃኢ ብዝተፈላለዩ ብልሓታት ወይ ምትላላት ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካሊእ ቦታ ወይ ካብ ሓደ ሃገር ናብ ካሊእ ሃገር ዝግበር ተግባር ምዝውዋር ‘ዩ። ዘይሕጋዊ ዝውውር ሓድግታት ስርቂ ዝሓቆፈ ኣቀባልን ተቀባልን ዘለዎን ብብኪ ሃገርን ዓለምለኸን ብዝተዘርግሐ መረብ ውሽጢ ዝሓልፍ ተግባር ጉጅለ ‘ዩ። ብብረኪ ዓለምለኸ ዘይሕጋዊ ዝውውር ሓድግታት ዘፍፀሙሎም ብዙሓት ምኽንያታት እንትህልው ፤ ሓደ ዘይምፍላጥ ወይ ዘይምርዳእ ኮይኑ ካሊእ ድማ ብኣተኻኸብቲ ጥንታዊ ሓድግታት ደላላታት ዝፍፀም ኮይኑ እዚ ድማ ብኢንተርኔትን ሓዊሱ ብጨረታ ዝሸየጠሉ ተግባር ‘ዩ፡፡

ሓድግታት ብዝተፈላለዩ መንገድታት ንስርቅን ንዘይሕጋዊ ዝውውርን ክጋለፁ ይኽእሉ ‘ዮም። ሓደ ኣብ እዋን ኲናት፣ ኣብ እዋን ባዕዳዊ መግዛእቲ ተሰሪቆም ናብ ካሊእ ሃገር ክውሰዱ ይኽእሉ። ካልኣይ ኣብ እዋን ሰላም ካብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ብስርቅን ብምትላልን ካብ ሃገር ብምውፃእ ናብ ዓለም ለኸ ዕዳጋ ክቀርቡ ይኽእሉ።

ኣብ ተግባር ዘይሕጋዊ ዝውውርን ስርቅን ሓድግታት ጥራሕ ዘይኮኑስ እቲ ዝመፅእሉ ከባቢ ባህሊ፣ መንነትን ታሪኽን ምጥፋእ ዘኽትል ገበን ‘ዩ። ከምዝፍለጥ ሓድግታት ምስ ሓደ ህዝቢ ባህሊ፣ ታሪኽን መንነትን ዝተተሓሓዙ ‘ዮም። ብፍላይ ተንቀሳቃስቲ ዝኾኑ ሓድግታት ነዚ ጥፍኣት ተጋለፅቲ ኾይኖም ‘ዮም ዝርኣዩ።

ብሓፈሻ እዞም መግለፂ መንነት፣ ታሪኽን ባህልን ዝኾኑ ሰብ ስራሕን ተፈጥሮኣውን ሓድግታት ተዓቂቦም ናብ ትውልዲ ንክሰጋገሩ ናይ ሓደ ክልተ ትካላት ጥራሕ ዝሕደግ ስለዘይኮነ ኩሎ ዜጋ ኣብዚ ግድኡ ብግቡእ ክዋፃእ ይግባእ። ብፍላይ ዘይሕጋዊ ዝውውር ሓድግታት ንምክልኻል ሓላፍነት ኩሉ ዜጋ ‘ዩ። ኣብ ምክልኻል ዘይሕጋዊ ዝውውር ብዙሓት ኣካላት ተሳትፎ ክገብሩ ዝገባእ ኩይኑ ብፍላይ እቲ ጉዳይ ብቕርበት ዝምለከቶም ኣካላት ብዝተዋደደ መልክዕ ተግባር ምክልኻልን ምቁፅፃርን ክገብሩ ይግባእ። ካብዚኦም ውሽጢ በዓለ ዋና እቶም ሓድግታት፣ ኣካላት ሕጊ፣ ኮሚሽን ጉምሩክ ፣ ሚዲያታት፣ ትካላት ትምህርቲ ካብ ዝጥቀሱ ‘ዮም፡፡

ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ